# ድምጺ ህዝቢ



ብሓልዮት ክፍሊ ዜናን ባህልን ዝሕተም

ዕላዊ ልሳን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ)

ሕታም ቍ.14


## ሕቡራት ሃገራት እገዳ ኣብ ዝጽውዓሉ እዋን፡ ንኤርትራ ዘጋጥማ ዘሎ ሕጽረት ናይ መግቢ

ሕቶን መልስን:-
ብሚኪኤል ኣብርሃ



ወልደሱስ ዓማር
ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ


**ኣብ ገጽ 4-6 ተመልከት**

| ትሕዝቶ | ገጽ |
|---|---|

ርእሰ-ዓንቀጽ


1. ሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ ኣቀላልሳ ……….…….1-3

2. ሕቡራት ሃገራት እገዳ ኣብ ዝጽውዓሉ እዋን
   ንኤርትራ ዘጋጥማ ዘሎ ጸገማት ……………..………..…4-6

3. ሃይማኖታዊ ፍልልይ ምትብባዕ ንረብሓ መን? …...........7-9

4. ሓደገኛ ኣርኣእያታት ኣብ ምፍታሕ ጸገማት ኤርትራ ….9-11

5. ዜናዊ ጸብጻብ …………………………..……………12-16

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ኣገባብ ኣቀላልሳ

ኣብዚ እዋን'ዚ ንስርዓት ህግደፍ ብኸመይ መንገዲ ክንቅይሮ ኣሎና ዝብል ክትዕ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ርሱን ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ተመኩሮና ንግርጭታትና ብኸመይ ንፍትሓዮም ዝብል ሕቶ ዳርጋ ሓደ ኣረዳድኣ ኔሩና'ዩ። ንሱ ከአ ንግርጭታት ተጻራርን ዘይተጻራርን ብዝብል ኣብ ክልተ መልክዓት መቒልና፣ ዘይተጻራሪ ግርጭት ዘለዎም ንፍልልያቶም ብደሞክራስያዊ ልዝብ ፈቲሖም ብሓደ ክነብሩ ከምዝኽእሉ፣ እቶም ተጻራሪ ግርጭት ዘለዎም ግን አተሐሳስባኦም ኮነ አመለኻኽታኦም ዘይቃረብን ዘይዕረቕን ብምዃኑ፣ ብዘይካ ኣብ ህላወ ናይ ሓባር ጸላኢ ብሓደ ክነብሩ ከምዘይኽእሉ ዘረድእ ፍልስፍናዊ እምነት ሒዝና ኢና ክንጉዓዝ ጸኒሕና። ብኻልእ ኣባሃህላ ሓደ ካብኦም ነቲ ካልእ ከጥፍኦ ግድን'ዩ ኢና እንብል ዝነበርና።

ካብዚ ተረድኦን እምነትን'ዚ ብምብጋስ ከአ፣ ፖሊቲካዊ ፍልልይ ዘለወን ውድባት ኩነታት ኣገዲድወን እንተዘይኮይኑ፣ ንፍልልያተን ብሰላማውን ዲምክራሲያውን መንገዲ እንዳአማሓደራ ክነብራ ከምዘይኽእላ ዘረድእ አስተምህሮ ሒዝና ኢና ክንጓዓዝ ጸኒሕና። ኣብ መዓልታዊ ዝኾኑ ማሕበራዊ ጉዳያት ንዝርከቡ ፍልልያት ከይተረፈ'ውን እንተኾነ፣ ብመንገዲ ምትፋንን ዝምድና ምቁራጽን እንተዘይኮይኑ፣ ንፍልልያትና ብምቕባል ተጸዋዊርና ክንከይድ ባህልና ኮይኑ ኣይጸንሔን። ብሕጽር ዝበለ እቲ እንፈልጦን እንርድኦን ከነዘውትሮ'ውን ዝጸናሕና አገባብ አፈታትሐ ፍልልያት፣ ሐደ ነቲ ካልእ ዘጓኒን ዝውግድን ዓመጻዊ መንፈስ ዝሐዘለ'ምበር ሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ዝሐዘ ኮይኑ ኣይጸንሔን። ተፋቒርካን ተስማሚዕካን ንኽትነብር ናይ ግድን ሓደ ርእይቶን ሐደ አመለኻኽታን ክህልወካ ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባን አረዳድአን'ዩ ጸኒሑና።

ኣብ ፖሊቲካዊ ጉዕዞ ኤርትራ ብዙሓት ፍልልያት ተራእዮም ኢዮም። ኩላቶም ከኣ ብመንገዲ ሐይሊ ዘሰነዮ ዓመጽ'ዮም ክፍትሐ ተፈቲኖም። ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ክፍትሐ ስለዘይተፈተኑ ከኣ፣ መሰረታዊ ፍታሕ ከይረኸቡ ክሳብ ሕጂ ኣለዉ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ እቲ ሕድሕዳዊ ጽልኢ ኮነ ቅርሕንቲ'ውን እንተኾነ፣ ክሳብ ሎሚ ብዝኸፍኤ መልክዑ ይቕጽል ኣሎ። ብመሰረቱ ንሓደ ጉዳይ ብመንገዲ ዓመጽ ክትፈትሖ ምስእትፍትን፣ ሳዕቤን ናቱ ኣብ ቀጻሊ ዓመጽን ጽልእን ዘይቅሳነትን'ምበር ኣብ መሰረታዊ ፍታሕ ገጹ አየቕርበካን ኢዩ።

ነዚ ሒዝናዮ ክንመጽእ ዝጸናሕና ንፍልልያትካ ንምፍታሕ ኣብ ዓመጽ ምሙርኳስ ዝብል ባህሊ ምቕያሩ፣ እቲ ቀንዲን መሰረታዊን ዝኾነ ኣገዳሲ ነጥቢ ኢዩ። ነቲ ፍልልያትና ብመንገዲ ዓመጽ ክንፈትሖ አለና ዝብል ዝአረገ አተሓሳስባና፣ ናይ ዝኾኑ ፍልልያት ዓይነቶም ብዘየገድስ ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ክንፈትሖም አለና ዝብል ሐዲሽን ዘመናዊ ባህሊ ክንትክእ ኣሎና።

ንፍልልያት ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን ባህሊ ንኽንፈትሖም ኣብዞም ዝስዕቡ መሰረታዊያን ነጥብታት ክንአምን ይግባእ፡-

ሰባት ዝመረጽዎን ዝዓገብሉን ርእይቶ ክህልዎም መሰሎም ምዃኑ።
ዝተፈላለየ ርእይቶታት ዘለዎም ኣካላት፣ ዕምቆትን ዓይነትን ናይ ፍልልያቶም ብዘየገድስ ብሓደ ናይ ምንባር ግዴታ ከምዘለዎም ምእማን።
ዕብየቶም ኮነ ደረጃኦም ብዘየገድስ ውልቀሰባት እውን ከይተረፉ "ማዕረ" መሰል ክህልዎም ይግባእ።
ሕጊ ብተሳትፎ ኩሉ ወዲ ሃገር ዝቖመ ኮይኑ፣ ልዑላውነት ሕጊ ልዕሊ ኩሉ ወዲ ሃገር ክኸውን ኣለዎ።
ኣብ ናይ ዝሐለፈ መድረኻት ጉድለታትን፣ ጽልኣዊ ቅርሕንትን ኣብ ክንዲ ምንባር፣ ንህሉው ጸገማት ፍታሕ እንዳኣቕረብካ ቕድሚት አርሒቕካ ምጥማት … የጠቓልል።

ንፍልልያትካ ብዲሞክራሲያውን ሰላማውን መንገዲ ምፍታሕ ቀሊል አይኮነን። የግዳስ ናይ ተጻዋርነት

ዓቕሚን ሰፊሕ ልቦናን ትዕግስትን ዝሓትት'ዩ። ንፍልልያት ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ክፈትሕ'የ ኢሉ ዝተበገሰ ኣካል፣ ብቐዳምነት ንነብሱ ማዕረ ምስ ካልኦት ክሰርዓ ክበቕዕ ኣለዎ። ትምክሕቲ፡ ጸረ ሰላማውን ዲምክራሲያውን ባህሊ ኢዩ። ዓመጽ መሳርሒ ናይቶም ዓቕምን ልቦናን ዝጎድሎም ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ መሳርሒ ናይ ብዱዓትን ኣነ ብሃልትን፣ ንነብሶም ልዕሊ ካልኦት ዘቐምጡ ኮነ ከቐምጡ ዝደልዩን ኢዩ። ዓመጽ ነቶም ዓቕሚ ዘይብሎም ንምውሐጥ ዘገልግል መሳርያ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ንሕጋዊ ኣገባብ ኣሰራርሐ'ውን እንተኾነ ዝሃርምን ዝጻረርን ኢዩ።

ልዕሊ ኩሉ ክፍለዋ ዝግብኦ ዝውሰድ ዓመጻዊ ስጉምቲ ንጊዜኡ ከዳኽም እምበር፣ ብዓመጽ ክፍታሕ ዝኽእል ፍልልያት የለን። ኣብ ተመኩሮና ብተግባር ከም ዝረኣናዮ፣ ኣብ መንጎ ሐረካን ተ.ሓ.ኤን፣ ፋሉልን ተ.ሓ.ኤ.ን፣ የሚንን ተ.ሓ.ኤ.ን፣ ህዝባዊ ሓይልታትን ተ.ሓ.ኤን፣ ህዝባዊ ግንባርን መንካዕን፣ ህዝባዊ ግባርን የሚንን፣ ተ.ሓ.ኤን ህዝባዊ ግንባርን ዝነበሩ ፍልልያት፣ ዝተኸተልናዮ ናይ ኣፈታትሐ ስልቲ ጕነጻዊ ዓመጽ ኮይኑ፣ እቶም ዓመጻዊ ስጉምቲ ዝተኻየደሎም ኣካላት ፈጺሞም ኣይጠፍኡን። ብኣንጻሩ ዝኸፍኤ በሰላ ጽልኢን ቅርሕንትን'ዩ ገዲፉ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዓመጽ ናብ ዝኸፍኤ ካልእ ዓመጽ ድኣ የሰጋግረካ'ምበር መሰረታዊ ፍታሕ'ሲ ኣየምጽእን ኢዩ። ሰላማውን ዲምክራሲያውን መንገዲ ግን ንፍልልያት እንዳኣጻበበ፣ ህዱእ መንፈስ ሕድሕድ'ውን እንዳፈጠረ ናብ ምሉእ ፍታሕ ወይ ዕርቂ ገጹ ኢዩ ዘምርሐካ።

ስለዚ እቲ ቀንዲ መበገሲ ናይ ሰላማውን ዲምክራሲያውን ኣገባብ ኣቀላልሳ ናይቲ ኣብ ዓመጽ ዝተመርኮሰ ባህሊ ምቕያር ኢዩ።

እቲ ኣብ መንጎ ሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራን ስርዓት ህግደፍን ዘሎ ፍልልይ ብኸመይ ይፈታሕ ዝብል ሕቶ ከም መቐጸልታ ናይዚ መትከል'ዚ ኮይኑ፣ ሎሚ ዘካትዓና ዘሎ ጉዳይ ኢዩ። እቲ መበገሲ ናይዚ ተሪር ክትዕ'ዚ እቲ ሒዝናዮ ክንመጽእ ዝጸናሕና ኣተሓሳስባና ኢዩ። ከመይ ስነ ኣእምሮና ንፍልልያት ብዘይካ ብመንገዲ ዓመጽ'ምበር፣ ብኻልእ ኣገባብ ክፍታሕ ከምዝከኣል ኣመዝጊቡ ኣይጸንሔን። እቲ መሰረታዊ ጸገም እምብኣር ኣብ መንጎ'ቲ ዝጸንሖ ኣተሓሳስባን፣ ከነተኣታትዎ እንደሊ ዘሎና ሓዲሽ ኣተሓሳስባን ዘሎ ዘይምቕዳው ኢዩ።

ኣብ ተመኩሮና ሓደ ጉዳይ እንዳተማሃርና ክንመጽእ ጸኒሕና። ንሱ ኸኣ ዝሰዓረ ኩሉ ይወስድ ዝብል ኢዩ። ነዚ ተረድኦ'ዚ ከም ቅኑዕ ወሲድና ከኣ፣ ኣብ ክንዲ ኩላትና እንስዕረሉ መንገዲ እነናዲ፣ ውልቀ ሰዓርቲ ክንከውን ኢና ክንሰርሕን ክንሓስብን ጸኒሕና ጌና'ውን ዘለና። ስለዚ ከኣ ኢና ብዛዕባ ክግበር ዘለዎ ለውጢ ክንሓስብ እንከሎና፣ ኣብ ክንዲ ብዛዕባ እቲ ክነረጋግጾ እንደሊ ስርዓት ነተኩር፣ ብዛዕባ መተካእታታት ውልቀሰባትን፣ ውልቀ ሰልፊታትን ውድባትን እንሓስብ። እዚ ኣተሐሳስባ'ዚ ኢዩ ከኣ ንዓመጽ ከም መተካእታ ዘይብሉ መሳርሒ ናይ ለውጢ ጌርና ክምእንወስዶ ዘተባብዓና።

ህዝባዊ ግንባር ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ስዒሩ ቀጺሉ ነጻነት ድሕሪ ምርግጋጽ'ውን፡ ጉጅለ ኢሳያስ ንኹሉ ስልጣን ብሐይሊ ገቢታ መንገዲ ዓመጽ ተኸቲላ። እቶም ዝተረፍና'ውን ንህዝባዊ ግንባር ስዒርና ንሕና ከኣ ብተራና ንኹሉ ክንግብት ኢና ንፍትን ኔርና። እዚ ዕላማ'ዚ ስነምጎታዊ መቐጸልታ ናይቲ ሒዝናዮ ክንመጽእ ዝጸናሕና ኣብ ዓመጻዊ ኣገባብ ዝተሰረተ ፖለቲካዊ ባህሊ ኢዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ካብ ድቃስና ተበራቢርና ንጸላእትናን ፈተውትናን ብንጹር ክነቐምጦም መሪጽና። ነዚ ኣብ እንገብረሉ እዋን እታ መጀመርታ ዝተረዳኣትና እቶም ኣብ ኩለን ውድባት ኤርትራ ኮይኖም ሂወቶም ንመስዋእቲ ቀሪቦም ዝነበሩ ኤርትራውያን ንሓደ ዕላማ ምንባሮም ኢዩ። ምእንቲ ነጻነትን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ኢዮም ዝቃለሱን ዝስውኡን ኔሮም። ይኹን'ምበር ኩሎም ብጉጅለ ኢሳያስ ተጠሊሞም። ስለዚ ኩሉ ኤርትራዊ ወላ እቲ ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዘሎ ኤርትራዊ'ውን ከይተረፈ ዝተጠልመን ውጹዕን ኢዩ። ኣብ መንጎኡ ዘሎ ፍልልይ ብሰላማውን ዲምክራሲያውን መንገዲ እምበር ብዓመጽ ክፍታሕ የብሉን። ስለዝኾነ ከኣ ንሕና ንኹሉ ውጹዕ ኤርትራዊ ንምዕጋቡን ንምርድኡን፣ ብተግባር ከኣ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ንኽስለፍ፣ ሰላማውን ዲምራሲያውን መንገዲ ድኣ ክንክተል ኣሎና እምበር ክንራጸምሲ ቅኑዕ ኣይኮነን። ንኹሉ ኤርትራዊ ብምዕጋብ ኣብ ጐድንና'ውን ብምስላፍ ጥራሕ ኢና፣ ንጉጅለ ኢሳያስ ንበይና ጠልጠል ኣቢልና ጥራሐ ክነትርፉ እንኽእል። እዚ ኣተሐሳስባ'ዚ ኣካል ናይቲ ከነማዕብሎ ኣሎና ዝበልናዮ ባህሊ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ናይ ፍጹም ዓወት ውሕስነት'ውን ኢዩ።

እቲ ኣብ ስነ ኣእምሮና ዝጸንሔ ኣተሓሳስባ እዚ መንገዲዚ ፍታሕ ከምጽእልና ኣይኽእልን'ዩ ዝብል ጥራሕ ዘይኮነስ፣ እንተኣምጺኡ'ውን ብዝተናውሔ መንገዲ ከምዘምጽእ ጌሩ'ዩ ዝርዳእ። ምኽንያቱ እቲ ዝፈልጦ ስሉጥ መንገዲ ዓመጻዊ መንገዲ ጥራሕ ስለዝኾነ። ብኣንጻሩ እቲ ዝሓጸረን ውሑስን ኣገባብ፣ ብመንገዲ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ኣቢልካ ዝመጽእ ፍታሕ ኢዩ። ከመይ ሰላማውን ዲምክራሲያውን መንገዲ ንኹሉ ሽግራት መፍትሒ እንዳኣቐመጠ፣ ሕድሕዳዊ ህዱእ መንፈስ ዘስፍን ሃዋሁው እንዳፈጠረ መሰረታዊ ፍታሕ ስለዘረጋግጽ።

ሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ስለዝተመርጸ'ስ ዘተ ምስ ጉጅለ ኢሳያስ ከም ምጽዋዕ ጌሩ ዝርዳእን ከረድእ ዝፍትንን ኣካል ከም ዘሎ ብሩህ ኢዩ። ጉጅለ ኢሳያስ ሰላም ዘይፈልጥ፣ ንጉዳያት ብዓመጽ እምበር ብሰላም ክፈትሕ ዘይደሊ ክነሱ ምስኡ ንዘሎ ፍልልያት ብመንገዲ ሰላም ክንፈትሖ ኢልካ ምእማን ቅኑዕ ኣይኮነን'ውን ይብሉ። ንማንም ብሩህ ክኸውን ዝግብኦ ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ክንብል እንከሎና፡ ከነጽሮም እንደሊ ነጥብታት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ፡-

ፈታዊን ጸላኢን ህዝብና ነጺር። ኩላቶም ውጹዓት ኤርትራውያን ናይ ሓድሕድ ፈተውቲ ኢዮም። ኩሎም ከኣ ዓቕሞምን ትሕዝቶኦምን ኣወሃሂዶም ኣንጻር ጉጅለ ኢሳያስ ተጠርኒፎም ክቃለሱ ግድነት'ዩ። ኩላቶም ብሓባር ንጉጅለ ኢሳያስ ምሕዮም ከልግስዎ ኣለዎም። ኣብ ነንሕድሕዶም ብምብእስን ብምክሳስን ሓይሎም ከባኽኑ የብሎምን። ሕድሕዶም ምክፋእ ኮነ ምጽልላም ዝያዳ ንጉጅለ ኢሳያስ ዘሐይልን ዕድል ዝህብን ስለዝኾነ፣ ልዕሊ ኩሉ ኣብ መንጎኦም ዝርከብ ፍልልያት ምጽውዋር'ምበር፣ ኣብ መጻኢ ንምፍትሑ ዘጸግም ጽልኢ ከማዕብሉ የብሎምን ኣይግባኦምን'ውን።
ንጉጅለ ኢሳያስ ክነልግሶ ኣሎና ዝብል ምርጫ ብመሰረቱ ዝመረጽናዮ ምርጫ ኣይነበረን። ምኽንያቱ ድሕሪ ነጻነት ኩሉ ኤርትራዊ ንጉጅለ ኢሳያስ ብግዝያውነት እንዳመርሔ፣ ጐኒ ጐኑ ከኣ ንኹሉ ኤርትራዊ ብሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ኣብ ሓደ ንኽምጽኦ ዕድልን ሓላፍነትን ተዋሂብዎ ኔሩ'ዩ። ይኹን እምበር ጉጅለ ኢሳያስ ኣብ ክንዲ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ኣገባብ ዝኸተል፣ መንገዲ ዓመጽ ስለዝመረጸ ኣብ ምርጭኡ ኸኣ ኣእቲዩና። እንተዘይኮይኑ ዓመጽ ምርጫና ኮነ ምርጫ ህዝብና ኣይነበረን።

ኣብ ዝኾነ እዋን ጉጅለ ኢሳያስ ህዝቢ ኤርትራ ብዝመረጾን ብዝዓገበሉን መንገዲ ንነብሱ ካብ ስልጣን ኣውሪዱ፣ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ተላዚቡ ሓዲሽ ምዕራፍ ናይ ምጅማር ተበግሶ እንተዝወስድ'ውን ዝነጽጎ ኤርትራዊ ዝርከብ ኣይመስለንን። ኪዳን እውን እንተኾነ ብደረጃ ኪዳን ንኸምዚ ዓይነት ተበግሶ ከምዝቕበሎ ኢዩ ዝኣምን።

ምንጻል ወይ እውን ዘይምስታፍ ብመሰረቱ መሳርሒ ዓመጻዊ መንገዲ ኢዩ። ይኹን እምበር ሓንጎል ጉጅለ ኢሳያስ ንመትከል ሰላማዊን ዲምክራሲያውን መንገዲ ኣይቕበሎን ኢዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣይሓስቦን'ውን ኢዩ። ስለዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ንጉጅለ ኢሳያስ ብመንገዲ ህዝባዊ ናዕቢ/ዓመጽ (CIVIL DISOBEDIENCE) ካብ ስልጣኑ ከልግሶ ግዱድ ኢዩ።

ሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ከምቲ ገለ ዝሓስብዎን ዝርድእዎን ሞኾስ ምሐዝን ዘረባ ምብዛሕን ኣይኮነን። የግዳስ ዝለዓለ መስዋእትን ተውፋይነትን ዝሓትት፣ኣብ ውሽጢ ሰራውርን መዓንጣ ጸላኢን ሰሪግካ ብስለትን ዝረቐቐ ተበላሓትነትን ከኣ ዝሓትት ኢዩ። ከም ኣገባብ ካብ ዓመጻዊ መንገዲ ዝበርትዔ ኢዩ ይኹን እምበር መሰረታዊ መፍትሒ ዘምጽእ ከኣ ኢዩ።

# ሕቡራት ሃገራት እገዳ ኣብ ዘጽውዓሉ እዋን፡ ንኤርትራ ዘጋጥማ ዘሎ ሕጽረት ናይ መግቢ

ሕቶን መልስን:-

ብሚኪኤል ኣብርሃ

በቲ ምስ ኤርትራ ጽቡቕ ዝምድና ኣለዎ ኢሎም ሕቡራት ሃገራት ኰነ ሕብረት ኣፍሪቃ ዝኸስዎ ጉጅለ ኣልሸባብ፡ ብ17 መስከረም 2009 ኣብ ሞቓድሾ ዝተፈጸመን፣ ንህይወት ናይ 17 ኣባላት ዓቃቢ ሰላም ዝቐዘፈን መጥቃዕቲ፡ ንኤርትራ እንደገና ከም ሓበላ ዓይኒ ተጠማቲት ገይርዋ ኣሎ። ኣባላት ሕቡራት ሃገራት ዝኾና መንግስታት፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ክግበር ጸቕጥታት ይገብራ ኣለዋ። ኣብ ወርሒ ሓምለ፡ ኣብ ሊብያ ዝተኻየደ ናይ መራሕቲ ኣፍሪቃ ኣኼባ፡ ኤርትራ ብሰንኪ'ቲ ንቅልውላዋት ሶማልያ ኣብ ምግዳድ እትጻወቶ ዘላ ተራ፡ ኣብ ልዕሊኣ ስጉምቲ ክውሰድ ኣኼበኛትት ብምሉእ ድምጺ ወሲኖም። ፕሮግራም መግቢ ዓለም (WFP) ውን፡ መግቢ ናብ ህዝቢ፡ ብፍላይ ድማ፡ ናብ'ቶም ኣዝዮም ጥቑዓት ዝኾኑ ህጻናትን ጥኑሳትን ንምብጻሕ፡ ብመንግስቲ ኤርትራ ከምዘይፍቀደሉ ኣቃሊዑ ነይሩ።

ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዝያዳ መረዳእታ ንምርካብ ምስ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾኑ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር ዝገበርክዎ ቃለ-መሕትት እንሆ። ፈለማ፡ እቲ ንሕብረት ኣፍሪቃ ዘቈጥዐን ትዕግስቱ ዘወድኣን ምኽንያታት እንታይ ኢዩ?



**ወልደሱስ ዓማር፡-** ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ምልካዊ ስርዓት ብርግጽ ተቐጢዑ ኣሎ። ኤርትራ ናጽነታ ካብ እትጓናጸፈትሉ ዕለት ኣትሒዙ፡ ን18 ዓመታት መመላእታ፡ ሓንቲ ብኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ተቐባልነት ዝረኸበት ልዑላዊት ሃገር ከም ምኻና መጠን፡ ሓላፍነት ተሰሚዕዋ ክትፍጽሞን ከተኽብሮን ትጽቢት ዝግበረላ ዝነበረ ኣህጉራዊ ሕግታት ክትጥሕስ ጸኒሓ ኢያ። እቲ ኣብ ውሽጢ፡ ኣብ ዞናናን ኣብ ዓለምናን ዝርአ ዘሎ ቍጥዐ ኣንጻር ኤርትራ ከኣ ብቑዕ ምኽንያታት ዘለዎ ኢዩ። ንዘልዓልካዮ ሕቶ ንምምላስ ከኣ፡ ንኣፍሪቃ ዘቈጥዐ ምኽንያት፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ኣህዛብ ናይ'ቲ ዞናን ኣውሪድዎ ዘሎ ጉድኣታት ኢዩ። እቲ ሓላፍነት ዘይስምዖ ስርዓት ኣስመራ ንሶማልያ ንብዙሕ ዓመታት ከዕጥቕን ነቲ ግርጭት ከባልሕን ምጽናሑ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ተዓዘብትን ደጋጊምዎም ክዛረብሉ ዝጸንሑ ጉዳይ ኢዩ። ነቲ ብዞናውን ኣህጉራውን ኣካላት፡ ኣብ ልዕሊ ሶማልያ ክግበር ዝጸንሐ ናይ ብረት እገዳ ጻውዒት፡ ስርዓት ኢሳያስ ደጋጊሙ ክጥሕሶ ተራእዩ ኢዩ። ሎሚ፡ እቶም ኣፍቀርቲ ናይ'ቲ ስርዓት ዝኾኑ ከም ሊብያን ሱዳንን ዝኣመሰሉ ሃገራት ውን ከይተረፉ፡ ነቲ ጸረ ረብሓታት ኣህዛብን ኣባላት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃ ዝኾነ ተግባራት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ክባርኹሉ የጸግሞም ኣሎ። ብሓጺሩ፡ ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዘለዋ ቍጥዐ፡ ኣብ'ቲ 150 ሚልዮን ዝኸውን ዝነብረሉ ከባቢ፡ ናይ ዘይምርግጋእን ናይ ጕንጽን ጠንቂ ኰይኑ ስለዘሎ ኢዩ። ነዚ ጉድኣታት'ዚ ንምድራት ኣብ ዘይከኣለሉ ደረጃ ተበጺሑ ስለዘሎ፣ ቍጥዐ ኤርትራውያንን ኣፍሪቃውያንን ዓለምናን ዘብቅዓሉ መደምደምታ ብቕልጡፍ ክርከብ ክከኣል ኣለዎ።

**ሕቶ፡-** እገዳ ንተራ ዜጋታት ኤርትራ ብኸመይ ክጸልዎም ይኽእል?

**መልሲ፡-** ምስ ዓለም ዝነበረ ናይ ንግድ ዝምድናታት፡ ናይ ርክብን ዲፕሎማስን መስኖታት እንተደኣ ተቛሪጹ፡ ንመነባብሮ ናይ'ቲ ተራ ዜጋ ብኣሉታ ከምዝጸልዎ ፍሉጥ ነገር ኢዩ። እገዳ ዘስዕቦ ጉድኣታት እንታይ ምኻኑ ኣብ ዒራቕን ካልእ ቦታታትን ተራእዩ ኢዩ። ኣብ ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ፡ ካብ ደገ ብዝመጽእ ሃለኽቲ ኣቕሑን ኣገልግሎትን ዝነብራ ድኻታት ሃገራት ድማ፡ ዝያዳ ጸገማት'ዩ ዝፈጥር። እንተኾነ ግን፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ዘይእዉጅ እገዳ ካብ ዝነብር ነዊሕ እዋን ኰይኑ ኢዩ። ምስ ጕረባብቲ

ሃገራት ጽቡቕ ዝምድናታት ዘይምህላው፡ ሓድሓደ ግዜ፡ ጕድኣቱ ካብ'ቲ ብዙሕ ዝዝረብሉ እገዳታት ናይ ሕቡራት ሃገራት ዝለዓለ ኢዩ።

ሳዳም ሑሴን፡ ምስ ጐረባብቱ ዝኾኑ ኣህዛብ ስዑዲ ዓረብ፡ ክወይት፡ ኢራን፡ ቱርክን ስርያን ዘሎ ዶባቱ ስለዝዓጸዎ፡ ህዝቢ ኢራቕ ብዙሕ ስቅያትን ጉድኣትን ወሪድዎ ኢዩ። ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ነብሱ እገዳታት ዘውረደ ስርዓት ኢሳያስ፡ ምስ ጐረባብቱ ዝኾኑ ኣህዛብ ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ፡ የመንን ሱዳንን ዝነበሮ ዝድምና ብምቍራጹ ብዙሕ ስቅያት ኣሕሊፉን ከሕልፍ ይርከብን ኣሎ'ዩ። ነቲ ድኻ ህዝቢ ኤርትራን፡ ነቲ ዳርጋ ዘየሎ ብሕታዊ ጽላትን ካብ ምስ ጃፓን፡ ጀርመን ወይ ኣመሪካ ዝህልዎ ናይ ንግድ ዝምድና፣ እቲ ምስ ጐረባብቲ ኣህዛብ ዝህልዎ ንግድን ሸቐጥን'ዩ ዝያዳ ዘርብሖ። ስለዝኾነ፡ ህዝብና፡ ጌና በቲ ስም ዘይወጸሉ፡ እቲ ስርዓት ባዕሉ ዝፈጠሮ ዓፋኒ እገዳ'ዩ ዝሳቐ ዘሎ።

እገዳታት፡ ልክዕ ከም ውግእ፡ ንሓደ ሽግር ንምፍታሕ ኵሉ ኣማራጺታት ተፈቲኑ ክዕወት ኣብ ዘይከኣለሉ ኵነታት ጥራሕ ኢዩ ኣብ ግብሪ ክውዕል ክፍተን ዘለዎ። ንዲክታቶር ኢሳያስን ሰልፉ (ህግደፍ) ብዝምልከት ከኣ፡ ነቲ ሽግር ንምቅላል፡ ብቦታውን ዞናውን ኣህጕራውን ኣካላት ኣብ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ዝተገብረ ፈተነታት ኵሉ ፈሺሉ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ተሪር ስጕምቲ ኣንጻር'ቲ ስርዓት ምውሳድ ግዚኡ ዝኣኸለ ይመስል። እንተኾነ ግን፡ ኣህጕራዊ እገዳ ክግበር ኣብ ዝውሰነሉ እዋን፡ ኣብ'ቲ ህዝቢ ዝወርድ ጕድኣት ንምቅላል ዘድሊ ጻዕርታት ክግበር ይግባእ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ድማ፡ ሕቡራት ሃገራት እኹል ተመኩሮ ኣዋህሊሉ ኣሎ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ንወተሃደራውን ጸጥታውን መሓውር'ቲ ስርዓት ዘድሚ፡ ንጽር ናይ ህዝቢ ድማ ብምጠኑ ዘፍኵስ እገዳ ክገብር ይኽእል ኢዩ። ሕቡራት ሃገራት፡ ነቲ ሰብኣዊ ረዲኤት ዘይረክብ ዘሎ ህዝብና ሰብኣዊ ረዲኤት ዘብጽሓሉ፡ ዝተራቐቐ ናይ እገዳ ኣገባብ ንምትእትታው ክጽዕር ኣለዎ።

**ሕቶ፡-** እቲ ክሳብ ሕጂ ዘሎና ሓበሬታ፡ ክልተ-ሲሶ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ተጸባዪ ረዲኤት ኢዩ ዝብል ኰይኑ፣ እዚ፡ ካብ ኣህጕራዊ ናይ መጽናዕቲ ትካላት ዝተረኸበ ጸብጻብ ኢዩ። ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ዘጋጥሞ ዘሎ ናይ ሕጽረት መግቢ ብልክዕ ንምፍላጥ መገዲ ስኢኑ ከምዘሎ'ዩ ዝጠቅስ ዘሎ። ነዚ ሰብኣዊ ዝኾነ ጕዳይ'ሲ፡ ስለምንታይ ብፖለቲካዊ ምኽንያታት ክተሓላለኽ ዝኸውን ዘሎ?

**መልሲ፡-** ክልተ-ሲሶ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ህጹጽ ናይ መግቢ ረድኤት ከምዘድልዮ ሓቂ ኢዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ክሕግዞ ዝኽእል ብዙሓት ኣህጕራውያን ዘይመንግስታውያን ትካላት ናብ ኤርትራ ከይኣትዋ ከም እተኸልከላን፣ ብዙሓት ከኣ፡ ብዘይረብሕ ምስምስን ሓቅነት ዘይብሉ ክስታትን ከም እተሰጐጋን ውን ርግጽ'ዩ። ከምኡ ውን፡ ፕሮግራም መግቢ ዓለም እተባህለ ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካል ናብ ኤርትራ ከይኣቱ ተኸልኪሉ ኢዩ። ነዚ ናይ'ቲ ብፖለፖት ዝምራሕ ኽመር ሩጅ ዝመስል ፖለቲካ ናይ ኢሳያስ ኣፍወርቅን ጕጅለኡን ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብ ዝግብኦ ትኹረት ኣይሃቦን። ኣብ ሕዳር 2008፡ ሓባራዊ ልኡኽ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፡ ብዛዕባ'ቲ ስርዓት ኢሳያስ ዘይዛረበሉ ዘይእዉጅ ጥሜት ዝምልከት መዘክር፡ ነቶም ምልከቶም ኣብ ጀነቫ ዝርከቡ ኣካላትን፣ ከምኡ ውን፡ ንሕብረት ኣውሮጳን ኣቕሪቡ ነይሩ ኢዩ። ኣብ ኤርትራ ህዝቢ ብጥሜት ይመውት ኣሎ፤ እቲ ስርዓት ግን፡ ኣይግድሶን ኢዩ። ብሰንኪ ቍጠባዊ ጸገማት፡ በማእት ዝቝጸሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ይኣትዉ ከምዘለዉ፡ ሕቡራት ሃገራት ኣዐርዩ ይፈልጥ ኢዩ።

ፕሮግራም መግቢ ዓለም ከኣ፡ ነቲ ዘሎ ናይ መግቢ ጸገም ንምግምጋም ናይ ኤርትራ ዝኣትወሉ መንገዲ ስኢኑ ይብል ኣሎ። እሞ ደኣ፡ ናብ ኤርትራ ኣትዩ መግቢ ክዕድል ዘይክእል እንተደኣ ኰይኑ፡ ብዛዕብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ደረጃ ናይ ጥሜት ምግምጋም እንታይ ፋይዳ ኣለዎ? ኤርትራውያን፡ ኣዝዩ ኣሰቃቒ ዝኾነን፣ ህጹጽ ናይ ህይወት ኣድሕን ስጕምቲ ዘድልዮን፡ ጽንኩር መነባብሮ ኢዮም ዘሕልፉ ዘለዉ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ እቲ ኵነታት ናብ ዝበኣሰ ሽግር ከይተሰጋገረ እንከሎ፡ ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብ፡ ዝተዋሃሃደ ሰብኣዊ ወፈራ ክገብር ኣለዎ። ህዝቢ ኤርትራ እናተበታተነን ብጥሜት እናሞተን እንከሎ፡ ባይቶ ጸጥታ ኣዒንቱ ዓሚቱ ክኸይድ ከምዘይኮነ ብንጹር ዝኾነ ቃላት ንስርዓት ኢሳያስ ክነግሮ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ ክውሰድ'ዩ ተባሂሉ ዝዝረበሉ ዘሎ እገዳ፣ ነቲ ብሰእነት መግብን ኣገልግሎትን ዝሳቐ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ብዝልገስ ሰብኣዊ ረዲኤት ክስነ ክኽእል ኣለዎ። ነዚ ናይ ሰብኣዊ ረዲኤት ፕሮግራም ዝከታተል ኣካል ወይ ሓይሊ ድማ፡ ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ክለኣኽ

ይግባእ። እንተዘይኰይኑ፡ መእተዊ ስኢና እናበልካ ምዝራብ ትርጉም ዘለዎ ኣይኰነን።

**ሕቶ፡-** ዝበዝሐ ካብ'ቲ ናብ ኤርትራ ዝለኣኽ ናይ መግቢ ረዲኤት ካብ ሕብረት ኣውሮጳ ኢዩ። ሕቡራት ሃገራት'ኳ፡ እዚ ረዲኤት'ዚ ናብ'ቲ ህዝቢ ይበጽሕ ከምዘሎ ዘረጋግጸሉ መንገዲ ኣለዎ'ዶ?

**መልሲ፡-** ሕብረት ኣውሮጳ፡ ንዝህቦ ረዲኤት ናብ ህዝቢ ይበጽሓ ኣሎ'ዶ ኣይበጽሕን ዘረጋግጸሉ መንገዲ የብሉን። ስርዓት ኢሳያስ፡ ዋላ ንናቱ ሰባት'ዩ ዝጠራጠሮም። ነቲ ዘይፖለቲካዊ ዝኾነ መግቢ ፕሮግራም ዓለም ዝብሃል ትካል ካብ ተጠራጠሮ፡ ከመይ ገይሩ'ዩ ንናይ ሕብረት ኣውሮጳ ተቖጻጸርትን ሰበ-ስልጣንን ክቈጻጸርዎ ማዕጾ ክኸፍተሎም። ዘይሕሰብ ኢዩ።

ሕብረት ኣውሮጳ፡ ሓደ ካብ'ቶም ቀዳሞት ብስርዓት ኤርትራ ዝተደፍሩ ኣካል ኢዩ። ብ2001 ዓ.ም ወካሊ ኣምባሳደራት ሕብረት ኣውሮጳ ዝኾነ ኢጣልያዊ ኣንቶንዮ ባንዲኒ፡ ንግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ኣመልኪቱ ብዝገበሮ ልስልስ ዝበለ ነቐፌታ'ዶ ኣይኰነን ካብ ኤርትራ ተባሪሩ። ሕብረት ኣውሮጳ፡ ንሕና ክንርድኦ ካብ ዘይንኽእል ውልቃዊ ረብሓታቱ ተበጊሱ፡ ምስ ኤርትራ ዘራኽበና ንእሽቶይ መስኮ ክትህልወና ኣለዋ ክብልን ዘየቋርጽ ደገፍ ከበርክተሉን ኢዩ ዝርአ ዘሎ።

**ሕቶ፡-** መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ ዝመጽእ ዓመት ኣትሒዙ፡ ናይ ወርቅን ካልኦት ማዕድናትን ኣታዊታት ክረክብ ተስፋ ይገብር ኣሎ። እዚ ምንጪ'ዚ ንፖለቲካ ኤርትራ ከመይ ክጸልዎ ኢዩ?

**መልሲ፡-** ጸሕታሪ ግርጭት ዝኾነ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ መጀመርያ 90ታት ስልጣን ካብ ዝጭብጥ ኣትሒዙ ዝረኸቦ ንስርዓቱ ዘሐይል ኣታዊታት፡ ኣብ'ቲ ዞና ዘይምርግጋእን ጉንጽታትን ኣብ ምፍጣር'ዩ ክጥቀመሉ ጸኒሑ። ነቲ ኣብ መጀመርያ 90ታት ኣብ ኮንጎ፣ ሕጂ ድማ፡ ኣብ ሶማልያ ዝቕጽሎ ዘሎ ምትእትታው ገዲፍካ፣ ብ1994 ምስ ሱዳን፡ ብ1995 ምስ የመን፡ ብ1996+2008 ምስ ጅቡቲ፡ ካብ 1998-2000 ምስ ኢትዮጵያ ምዝካር እኹል ኢዩ። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን'ዚ ዝመጽእ ዘሎ ሓበሬታታት ከኣ፡ ኣብ ናይ ደቡብን ሰሜንን ግርጭታት ሱዳን ኢዱ የእቱን፣ ንናይ የመን ጥሩፋት ሓይልታት ይድግፍን ምህላዉ ዘረጋግጹ ኢዮም።

ስለ'ዚ፡ ኢሳያስ ተወሳኺ ኣታዊታት ካብ ንግዲ ናይ ማዕድን ከይረክብ ምኽልካል ናይ ኩሉ ሓላፍነት ክኸውን ይግባእ። ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ፡ ንኽፍንጀር ተጻዊዱ ዘሎ ፈንጂ ኢዩ ኰይኑ ዘሎ። ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስርዓት ኢሳያስ ባህርያት ክቕይር'ዩ ዝብል እምነት የብሉን። ስለዝኾነ ድማ፡ ዝረኸቦ ተወሳኺት ኣታዊት ናብ ወተሃደራዊ ዕንደራታቱ ከምዘውዕሎ ህዝብና ኣይጠራጠርን ኢዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ካብ ቢሻ፡ ዛራን እምባደርሆ ወርቂ ከውጽእ እንተጀሚሩ፡ ህዝባዊ ናዕቢ ክለዓል'ዩ ዝብል ርእይቶ'ዩ ዘሎኒ። ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ውን፡ እቲ ስርዓት ተወሳኺ ኣታዊታት ረኺቡ ናይ ጭቆና መሓውራቱ ከደልድል ስቕ ኢሎም ክርእዩ ኣይኰኑን።

**ሕቶ፡-** ኣብ ወጻኢ ዝርከባ ናይ ኤርትራውያን ማዕከናት ዜና፡ ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ኣውራጃውን ሃይማኖታውን ጉዳያት ኣብ መጻኢት ዓልማናዊት ኤርትራ ክዛረባ ቀንየን። ሎሚ ኣብ ኤርትራ ኣብ መንጎ መንግስትን ሃይማኖትን ብዙሕ ፍልልይ የለን። ንመራሕቲ ክርስትናን እስልምናን ዝስይም እቲ መንግስቲ ባዕሉ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ እቲ መንግስቲ ኣብ ሃይምኖት ዝገብሮ ምትእትታው ከመይ ትርእዮ? ሃይማኖት'ኸ ኣብ ናይ ኤርትራ ፖለቲካ እንታይ ግደ ክህልዎ ኣለዎ ኢልካ ትኣምን?

**መልሲ፡-** ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ኩሉ መዳይ ናይ ህይወት ናይ'ታ ሃገር፡ እንተላይ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ እምነታትን ትካላትን ከይተረፈ፡ ምሉእ ወይ ፍጹም ምቑጽጻር'ዩ ዘለዎ። እቲ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ ትካላት ዝፍጽሞ ዘሎ መጥቃዕታት ከኣ፡ ብትሪ ክኹነን'ዩ ዘለዎ።

መጻኢት ኤርትራ፡ ናይ ሃይማኖት ፖለቲካ ዝቈጻጸራ ሃገር ክትከውን ስቕ ኢልካ ምርኣይ ዘይከኣል ኢዩ። ኩሎም ኤርትራውያን፡ ንኹሉ ሃይማኖታዊ እምነታትን ትካላትን ዘኽብርን፣ ሃይምኖታዊ ትካላት፡ ኣካል ናይ መንግስቲ ከይኰኑ፡ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ናይ ህዝብና ግን ግዲኦም ከበርክቱ ዘፍቅድን ዓልማናዊ (ወይ ሲቪላዊ) መንግስቲ'ዩ ዘድልዮም። ኣብ ወጻኢ ዝርከባ ናይ ኤርትራውያን ማዕከናት ዜና ይዛረባሉ ኣለዋ ዝበልካዮ ንኣውራጃን ሃይማኖትን ዝምልከት ጉዳያት፡ ነቲ ተነካኢ ዝኾነ ክውንነትና ብዘባልሕ ኣገባብ ዘይኰነስ፡ ብሓላፍነታዊ ስምዒትን ብጥንቃቐን'ዩ ክተሓዝ ዝግባእ። እዚ ሕቶ'ዚ ኣገዳሲ ኰይኑ ስለዝስምዓኒ፡ ካልእ ግዜ እንተንዛረበሉ ኢየ ዝመርጽ። ኣነ ድማ፡ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምሳኻ ቃለ-መሓትት ክገብር ድልዊ ኢየ። ንዝገበርካለይ ቃለ-መሓትት ድማ ኣመስግን።

# ሃይማኖታዊ ፍልልይ ምትብባዕ ንረብሓ መን?

## ብኢብራሂም መሓመድ ዓሊ

እዚ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ናጽነቱ ንምምንዛዕ ንሰላሳ ዓመታት ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለ ጅግና ህዝቢ ኤርትራ'ዚ፡ ሎሚ ኣብ መንጎ ክልተ ዝብልሖ ስቅያት ተቐቒሩ ሕማቕ መነባብሮ ከሕልፍ ይርከብ ኣሎ። እቲ ቀዳማይን ዝዓበየን ጠንቂ ናይ'ዚ ስቅያት'ዚ፡ እቲ ን20 ዓመታት ኣቢሉ፡ ኣብ እንግድዓ ህዝብና ተጻዒኑ ዘሎ ጨቋኒ ናይ ሓደ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢዩ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ጭቆናን ግፍዕን ጥራሕ ዘይኮነ ክፍጽም ጸኒሑን ዘሎን፣ ንህዝብና፡ ካብ ካልኦት ኣህዛብ ዓለም ብዝተፈልየ ኣገባብ፡ ዋላ'ቲ ዝተሓተ ሰብኣዊ መሰላት ውን ከይተረፈ'ዩ ሓሪምዎ ዝርከብ። እቲ ካልኣይን ንእስ ዝበለ ጠንቂ ናይ'ዚ ስቅያትን መሻርኽቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ድማ፡ ገለገለ ተቓወምቲ፡ ብፍላይ እቶም ኣብ ሃይማኖት፡ ቋንቋን ቀቢላን ዝተሰረተ ጉጅላዊ ምክፍፋላትን ምጥርናፋትን ብምትብባዕ ንሓድነት ናይ ህዝብና ማሕበራዊ ኣቋውማኡን ናይ ምዝራግ ፕሮጀክት ዘለዎም ሸነኻት ኢዮም። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብ ስልጣን ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን፡ እቶም ንሓድነትን ማሕበራዊ ኣቋውማን ናይ ህዝብና ናይ ምዝራግ ዕላማ ዘለዎም ገለገለ ተቓወምቲ ሸነኻትን፡ ነንሓድሕዶም ዝገራጨዉ'ኳ ዝመስሉ እንተኾኑ፣ ብተግባር ግን ክልተ ገጻት ናይ ሓደ ቅርሺ ኢዮም። ክልቲኦም ሸነኻት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ዘውርድዎ ጉድኣታት፡ ደረጃታቱ ዝፈላለ ደኣ ይኹን እምበር፡ ኣዝዩ ዓቢ ኢዩ። እቲ ዘይሕጋዊ መንግስቲ፡ ቀጻልነቱ ኣብ ስልጣን ንምርግጋጽ፡ ተጻባእነቱ ንዲሞክራስን ሕጋውነት ንምልባስ፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ ልዕሊ ዲሞክራስያውያን ዜጋታት ዝፍጽሞ ቅትለትን ኣካላውን ኣእሙራውን ዓዛብን ማእሰርትን ሃለዋቶም ምጥፋእን ንምሽፋን፤ ንህላወ ናይ'ዞም ናይ ሃይማኖትን ቀቢላን ተጣበቕቲ ዝኾኑ ውድባት መዝሚዙ፡ ንገዛእ ርእሱ ከም ሓላዊን ተኸላኻልን ናይ ሃገራዊ ሓድነት ኰይኑ ክርእ'ዩ ዝፍትን። በቲ ካልእ ወገን ከኣ፡ እቶም ሃይማኖታውን ቀቢላውን ምትእኽኻባት ዘተባብዑ ሸነኻት፡ ንህላወ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን፣ ጸረ-ሃገራውን ጸረ ሰብኣዊ መሰላትን ዝኾነ ተግባራቱን ከም ምኽንያት ተጠቂሞም፤ ንሃይማኖት ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ክጥቀምሉ ይፍትኑ። በዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብኣዊ መዳይ፡ ብደረጃ ኵሉ ማሕበራዊ ክፍልታቱ፤ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ ከኣ፡ ብደረጃ ወከልቱ ዝኾኑ ተቓወምቲ ውድባት ፍልልያት ብምፍጣርን ንጉዳይ ሃገራዊ ሓድነት ብምዕንቃጽን፣ ይድለይዎ ኣይድለይዎ ብዘየገድስ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢዮም ዘገልግሉ ዘለዉ።

ኣብ ክሊ'ዚ መግለጺ'ዚ፡ ልሉይ መራሒ ኣብ ምንቅስቓስ እስላማዊ ጅሃድ ዝኾነ ሸኽ ሓምድ ቱርኪ፡ ብ28 ሓምለ 2009 ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝዘርግሖ ጽሑፍ ክጥቀስ ይከኣል። ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ሸኽ ቱርኪ፡ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዝካየድ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ቃልስታት ንክልተ ኣገደስትን መሰረታውያንን ዝኾና ሰልፍታት፡ ማለት ንሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ከም ሓደ ብሎክ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ'ዘን ዝስዕባ 3 ነጥብታት ክጠቓለል ዝኽእል፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ባዕላዊ መለለዪ ክህበን ፈቲኑ።

ቀዳማይ፡- ብኣገላልጻ ሸኽ ቱርኪ፡ እዚ ብሎክ'ዚ፡ ናይ ብሄረ ትግርኛን ናይ ክርስትያንን ባህሊ፡ ሃይማኖትን ፖለቲካን ዝውክል ወይ ናይ ክርስትያንን መሓዙቶም ኣስላምን ብሎክ ኢዩ።

ካልኣይ፡- እዚ ብሎክ'ዚ፡ ብኣበሃህላ ሸኽ ሓምድ፡ ንካልኦት ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ሕቍፉ ከአቱ ዝደልን ንገድላውን መሪሕ ግደታቱን ኣብ ኤርትራዊ ሜዳ ዘጋንንን፣ ካልኦት ድማ፡ ከም መሪሕ ክቕበልዎ ዝተኻትኹን ብሎክ ኢዩ።
ሳልሳይ፡- ናይ ህዝባዊ ግንባር ስልጣንን ያታን ንበይኑ ክወርስ ዝሕልን ብሎክ ኢዩ።

ሸኽ ቱርኪ ይኹን ካልእ፡ ኣገላልጻኦም ውድዓውን ንጽሁን ክሳብ ዝኾነን፣ ኣብ ውልቃዊ ዕግበታት ወይ ስምዒታት (arbitrary) ዘይተመርኰሰ እንተደኣ ኰይኑ፣ ኣብ ሓፈሻዊ ጕዳያት ናይ ገዛእ ርእሶም ርእይቶን ዕግበትን ክህልዎን፣ ከምኡ ውን፡ ብኾሉ ዝኽእልዎ ናውትታት ኣቢሎም ርእይቶኦም ብግልጺ፡ ብዘይ ገለ ገደብ ክገልጹን ባህርያዊ ኢዩ። ሸኽ ሓምድ ውን እንተኾነ፡ ኣብ መእተዊ ናይ ጽሑፉ፡ ናይ ቀደም ይኹን ናይ ሕጂ ሜዳ ኤርትራ ኣብ ምፍንጫልን ናይ ሕድሕድ ውግእን ዘእተወን፤ ንነጸግትን ውዲተኛታትን ክዕብልሉን ንሜዳ ኤርትራ ክቈጻጸሩን ዕድል ዝሃበን፡ ኣብ ውልቃዊ

ዕግበታት ወይ ስምዒታት ዝተመርኰሰ ዘይወድዓዊ ገምጋማትን ኣጸዋውዓታትን ከይንጥቀም ኣጠንቂቑ ነይሩ'ዩ። እንተኾነ ግን፡ ንሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝብን ኣብ ምጥማቕ ወይ ኣብ ምግላጽ ሸኽ ሓምድ ነዊሕ ከይከደ'ዩ ምስ ነብሱ ክገራጮ ጀሚሩ። እቲ ዝያዳ ዘገርምን ዘሕፍርን ግን፡ ካብ ሸኽ ሓምድ፡ ናይ ሃይማኖታዊ ጉጅላውነት ክሲ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ውድብ ወይ ሰልፊ ክስንዘር ከሎ ኢዩ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ሸኽ ሓምድ ብፍቶቱ ሓደ ሃይማኖታዊ ጅሃዳዊ ምንቅስቓስ ይመርሕ ምህላዉ ዝፍለጥ ኢዩ። እዚ ዝብሎ ዘለኹ፡ ካብ ስምዒታውን ውልቃውን ዕግበታት ዝነቐለ ጸለመ ኣይኰነን፣ እንታይ ደኣ፡ እቲ ምንቅስቓስ እንግድዓኡ ቀሊዑ ዝዛረበሉ ዝዋስኣሉን መሕብኢ ዘይደልየሉን ዕላማኡ ኢዩ። እቲ ሸኽ ሓምድ ብብሄር ትግርኛን ብክርስትናን ከጠምቖ ዝፍትን ዘሎ ናይ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ብሎክ ግን፡ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮኡ ይኹን ኣብ ጭርሖታቱ ወይ ኣብ ዜናዊ መግለጺታቱ ናይ ፍሉይ ሃይማኖት ይኹን ናይ ፍሉይ ብሄር ትሕዝቶታት ዘለዎ ጻውዒት የብሉን። ብተወሳኺ፡ እስላምን ክርስትያንን ኣባላት ዝኣባላኡ ሃገራዊ መልክዕ ዘውንን ኣቃውማ ዘለዎ ብሎክ ኢዩ። ንነብሱ ከኣ፡ ከም ወካሊ ናይ ሓደ ብሄር ወይ ሃይማኖት ኣይፈልጣን ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ሸኽ ሓምድ፡ ነዚ ብዘይካ ስምዒታውን ባዕላውን ኣደናጋርን ኣበሃህላ'ዩ ካብ ምባል ሓሊፍካ ካልእ መግለጺ ክውሃቦ ዘይከኣል ገምጋማት ካበይ'ዩ ኣምጺእዎ? ከመይ ኢሉዩ'ኸ ናብ'ዚ መደምደምታ'ዚ ክበጽሕ ኪኢሉ ኢልና ክንሓትት መሰልናን ግቡእናን ኢዩ።

እዚ ርእይቶ ናይ ኵሎም ኣስላም ድዩ ወይስ ካብ ሃይማኖታውን ፖለቲካውን ኣይድዮሎጂታት ዝመንጨወ ጥርጣረታትን ፊተ ፍርድን ናይ ገለ ሸነኻት ኢዩ? ወይስ ከም ወልደሱስን መስፍን ሓጐስን ወይ ካልኦት ከምኦም ዝኣመሰሉ ውልቀሰባት ኣብ መሪሕነታዊ ቦታ ናይ'ቲ ብሎክ ምህላዎም፡ ሸኽ ሓምድ ነቲ ብሎክ ብሃይማኖት ክኸሶ እኹልን ብቑዕን ምኽንያት ድዩ? ከምኡ እንተደኣኰይኑ፡ መሓመድ ኑር ኣሕመድ፡ እስማዒል ናዳን ካልኦት ንዕኦም ዝመስሉ ኣስላም ኣብ'ቲ መሪሕነት ምህላዎም'ከ እንታይ ትርጉም ክውሃቦ ኢዩ? ብኣበሃህላ ሸኽ ሓምድ፡ እቲ ብሎክ ብምሕዝነት ክርስትያንን እስላምን ዝቘመ'ዩ ካብ ተባህለ፡ ብሃይማኖታዊ ዘይኰነስ ብሃገራዊ ብሎክ'ዶ ክግለጽ ኣይምተገብኦን? ከምኡ ዝብል ተረድኦ እንተልይዎ ድማ፡ እዚ ብሎክ'ዚ፡ ከም ወራሲ ስልጣን ናይ ሻዕብያ ኰይኑ ድዩ ወይስ ካልእ፡ ኣብ ሃይማኖታዊ ዓዘቕቲ ጠሪሱ ዘይኣቱ ምኻኑ ንሸኽ ሓምድ ከነተኣማምኖ ንደሊ። ናብ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ ዘይኣትወሉ ክልተ ዓበይትን ውድዓውያንን ምኽንያታት ከምዘለዎ ውን ክንሕብር ንፈቱ።

እቲ ቀዳማይ ምኽንያት መትከላዊ ኰይኑ፡ እዚ ብሎክ'ዚ፡ ካብ ናይ ክርስትያን ይኹን እስላም ዕብለላ ወይ ናይ ሓደራ መንግስቲ ናጻ ዝኾነ፣ ዕልማናዊ፡ ዲሞክራስያዊ፡ ቅዋማዊ፡ ናይ ብዙሓት ሰልፍታት ስርዓት ክሃንጽ ዝቃለስ ብሎክ ኢዩ።

እቲ ካልኣይ ተግባራዊ ምኽንያት ድማ፡ እቲ ብሎክ ብኣስላምን ክርስትያንን ዝቘመ ሃገራዊ ብሎክ ስለዝኾነ፡ ንሃገራዊ መትከላቱን ኣቋውማኡን ከይቀየረ፡ ብተግባር ንኣገልግሎት ናይ ሓደ ሸነኽ ክውዕል ከምዘይክእል ርዱእ ስለዝኾነ ኢዩ።

ሸኽ ሓምድ፡ ነዚ ብሎክ ብሃይማኖት ምኽሳሱ ዘይንጽበዮ ሃንደበታዊ ጉዳይ ኣይኰነን። ምኽንያቱ ከኣ፡ ካብ'ቲ ሸኽ ሓምድ ንኤርትራውያን ብሃይማኖት ናይ ምክፍፋል ዘለዎ ደረቕ መርገጽን፣ ንዝተፈላለየ ማሕበራዊ ክፍልታት ዝጥርንፍ ሓደ ሃገራዊ መንነት ስለዘይብልና፡ ኣብ ማህጸን ሓንቲ ሃገርን ኣብ ክሊ ሓደ ፖለቲካዊ ኣካል (ከያን) ክንጥርነፍ ኣይንኽእል ኢና ኢሉ ካብ ዝኣምን ሰብ ዝነቕልን ምኻኑ ስለእንርዳእ ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ካብ'ቲ ኣንጻር'ቲ ብምጽንባር ናይ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ክውለድ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ሓድሽ ሰልፊ ዝካየድ ቀጻሊ ወፈራን ጐስጓስን ዝነቕል ምኻኑ ውን ንፈልጥ ኢና።

ብዛዕባ'ቲ ሸኽ ሓምድ ንኣባላት'ቲ ብሎክ ዝኾኑ ኣስላም፡ ስምዒታቶም ይኹን ክብሮም ወይ ሰብኣውነቶም ከይገደሶን፤ ናይ ምርጫ ናጽነት ከምዘለዎም ብምዝንጋዕን ከም "መሓዙት" ክርስትያንን ናይ ትግርኛ ባህልን ዝውክል ብሎክ ገይሩ ምግላጹ፣ ኣንጻር ኵሉ'ቲ ብዘይ መጉዚትነት ናይ ዝኾነ ይኹን ሸነኽ፡ እንተላይ ናይ'ቲ ንነብሱ ከም መጉዚት ናይ እስላም ዝሰየመ ሸኽ ሓምድ ጻውዒት ውን ከይተረፈ ዘይተቐበለን፤ ብናጻ ድሌቱ ሃገራዊ ምርጫ ዝወሰደን ዜጋ፡ ዘቕንዐ ናይ ንዕቀት ዘረባ ኢዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዘረባ፡ ብዘይካ ካብ'ቲ ሸኽ ሓምድ ውን ከይተረፈ ንካልኦት ዒብ'ዩ እናበለ ዝዛረበሉ ናይ መጉዚትነትን ናይ መምህርነትን ኣተሓሳስባ ዝዓብለሎ ሰብ እንተ ዘይኰይኑ፡ ካብ ካልእ ክወጽእ ኣይክእልን ኢዩ። ስለ'ዚ ሸኽና፡

ከመይ ገይርኩም ኢኹም ነቲ ባዕልኹም እትኸንንዎ ነገር፡ ተመሊስኩም ባዕልኹም ትፍጽምዎ!!!?

ዝኾነ ኰይኑ፡ ሸኽ ሓምድ፡ ኣብ ሃይማኖታዊ ፍልልያትን ምጕጅጃልን ደሪቑ ምቕጻሉ፡ ነቲ ኣብ መንጎ እስላምን ክርስትያንን ናይ ሃገርና ዘሎ ዝምድና ንምቍሳል እንተዘይኰይኑ ካልእ ፋይዳ የብሉን። ብዘይ ናይዞም ዓንድማእከል ናይ ሕብረተሰብና ዝኾኑ ሃይማኖታት ተኻኣኢልካን ተኻባቢርካን ምንባር ከኣ፡ ኤርትራ ትብሃል ሃገር ክትህሉ ከምዘይኰነት ፍሉጥን ርዱእን ጉዳይ ኢዩ። ቅድሚ ምድምዳመይ ግን፡ ገለገለ ሕቶታት ንሸኽ ሓምድ ከቕርብ ኣፍቅዱለይ። ንኣብነት ከም ናትኩም ዝኣመሰለ ሃይማኖታዊ መለለዪ ዘለዎ ካልእ ምንቅስቓሳት ክቐውም ይከኣል ድዩ? ኣብ ብዙሓት ሃይማኖታት ዘለዋ ሃገር ሃይማኖታዊ ጕስጓስ ከካይድን ምፍቃድ ናብ ሃይማኖታዊ ጕንጽታት ኣየምርሕን'ዶ? እስላም ኤርትራ ብፍላይ፡ ኤርትራ ሃገርና ከኣ ብሓፈሻ፡ ካብ'ዚ ሃይማኖታዊ ወጥርታት እንታይ ጥቕሚ ይረኽቡ? ብሰሪ ሃይማኖታዊ ጥሩፍነትን፣ ንፖለቲካዊ ዕላማታትካ ክትብል ንሃይማኖት ምምዝማዝን፡ ኣብ ከም ዒራቕ፡ ሶማል፡ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታትንን ዝኣመሰሉ እስላማዊ ይኹን ዘይእስላማዊ ሕብረተ-ሰባት ዝሰዓበ ውግኣትን ዕንወትን ትምህርቲ ክንቀስመሉ እንኽእል እኹል ተመኩሮ'ዶ ኣይኰነን? እቶም ናይ ሎሚ ይኹን ናይ ጽባሕ ወለዶ እስላም፡ ንዕኦም ዘጓኒ ሃይማኖታዊ ስርዓት ዘይቅበልዎ እንተደኣ ኰይኖም፡ ኣንጻር ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስርዓት ክለዓል ዘለዎ ጭርሖ ንሰፊሕ ህዝቢ ዝጥርንፍን ሃገራውን ክኸውን'ዶ ኣይግባእን? ዕላማና፡ ንጌጋ ምእራም እንተደኣኰይኑ፡ ንሓደ ሃይማኖታዊ ኢልካ ትኸሶ ስርዓት፡ ሃይማኖታዊ ጭርሖታት ኣልዒልካ፡ ብካልእ ሃይማኖታዊ ስርዓት ምትካእ፤ ወይ ድማ፡ ካልእ ሕብሪ ዘለዎ ሃይማኖታዊ ጭርሖታት ምጥቃም ኣይኰነን። ከምኡ እንተደኣኰይኑ፡ ኣብ መጻኢ ነዚ ዘሎ ስርዓት ኣልጊስና ብእስላማዊ ጨቋኒ ስርዓት ንትክእ። ብድሕሪኡ ድማ፡ እቶም ክርስትያን ናይ ክርስትያን ጅሃዳዊ ምንቅስቓስ ኣለዓዒሎም ነቲ እስላማዊ ስርዓት ኣብ ዝቕይርሉ ርግኣት ዘይርከቦ ክቢ ዕንክሊል ምባል'ዩ ክኸውን።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣነ ብጥዕና ምኽንያት ን5 ዓመታት ካብ ፖለቲካ ምንቅስቓስ ኣብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ይኹን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ደው ኢለ ከምዝጸናሕኩ ሸኽ ሓምድ ቱርኪ ይኹን ካልእ ክርድኡኒ እደሊ። ስለዝኾነ ድማ፡ ትሕዝቶ ናይ'ዚ ሓተታ'ዚ፡ ናተይ ናይ ውልቀይ ኰይኑ፡ ካብ ኣብ ሃገራዊ ሓድነት ዘሎኒ ሓልዮትን፣ ከምኡ ውን፡ ኣብ'ዚ ዘለናዮ መዋእል፡ ናይ ሓደ ሃይማኖት ይኹን ወይ ናይ ሓደ ብሄር ብሄራዊ መለለዪታት ጥራሕ ዘለዋ ሃገር ምህናጽ ዘይከኣል'ዩ ካብ ዝብል እምነተይን ስለዝብገስ ኢዩ። ዘሎናዮ መድረኽ፡ ናይ ሓንቲ፡ ግን ከኣ፡ ናይ ባህልታት፡ ሃይማኖታትን መበቆልን ብዙሕነት ዘለዋ ሃገር መዋእል ኢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሸኽ ሓምድ፡ ንዘለዎ ናይ ምግላጽን ምጽሓፍን ክእለት፡ ኣብ ክንዲ ናብ ምፍልልያን ጽልእን ምጕጅጃልን ሕድሕድ ምንቅዃትን ዘውዕሎ፡ ንሓድነት፡ ንስኒት፡ ንሓቢርካን ተጸዋዊርካን ምንባር ክጕስጕሰሉ እምነ። እዚ ክብል ከለኹ፡ ስርዓት ኢሳያስ ዝገብሮ ዘሎ ጭቆናን ስቅያትን ዘስዕቦ መረረ ዘንጊዐ ከምዘይኰንኩ ድማ ከዘኻኽር እፈቱ።

# ሓደገኛ እራኣእያታት ኣብ ምፍታሕ ጸገማት ኤርትራ

ኤርትራ ብዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባዊ ጉጅለታት ዝቖመት ሃገር እያ። እዞም ዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባዊ ጉጅለታት ናትና እዩ ዝብልዎ ህዝብን መሬትን ኣለዎም። ነቲ ናትና እዩ ዝብልዎ ህዝብን መሬትን ክኣ ባዕላቶም ከመሓድርዎ እዮም ዝመርጹ። ነቲ ናትና እዩ ዝብልዎ መሬትን ህዝብን እናመሓደሩ ጥራሕ እዮም ኣብ ዝኾነ ካልእ ሃገራዊ ውዕል ብዕግበት ክኣትዉ ዝኽእሉ። ዝኾነ ኣካል ኮነ መንግስቲ ነቲ ናይ ምምሕዳር መሰሎም ገፊፉ፣ ንሱ ብዝመረጾ ከማሓድሮም ዝፍትን ሓይሊ ምስ ዝህሉ ግን ዓቕሞም ብዝፍቅዶ ክቃለስዎ ምዃኖም ዘይምዝንጋዕ። ስለዝኾነ፡ ኤርትራዊ ሃገርነት እውን እንተኾነ ንኾሉ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ይንኣስ ይዕበ ንነብሱ ንኽመሓድር መሰል ብምሃብ ኣቢልካ እንተዘይኮይኑ ብኻልእ መንገዲ ክረጋገጽ ኣይኽእልን እዩ። ነዚ መሰል መንጢልካ ሓደ ፊን ከምዘበሎን ብዝመረጾን መንገዲ ንኤርትራ ከመማሓድራ ምስ ዝፍትን፡ ንኤርትራ ኣብ ዘይቅሱን ኩነታት ከጥሕላ ከምዝኾነ ብኣጋኡ ምግንዛብ የድሊ። ብኻልእ ኣዘራርባ ሕብረተ-ሰባዊ ዝምድና ብባህሪያዊ ሕጊ ተገዚኡ ምስ ኩነታቱ ካብ ሰባት ቁጽጽር ወጻኢ ብዝኾነ ምኽንያታት እንዳማዕበለ ዝኸይድ እምበር፣ ብሰብ-ሰርሖ (ኣርቲፊሻላዊ) ኣገባብ ኣይምዕብልን እዩ።

ኵሉ ኤርትራዊ ኣብ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት

ሂወቱ ንኽህብ ቁሩብ ከምዝነበረ ብተግባር ኣመስኪሩ። ንመስዋእትነት ቅሩብ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ ምእንቲ መሰሉ ክረክብ እዩ። ኣብ ኤርትራ መሰሉ ከምዝተረጋገጸሉ ዝዕቅኖ ብምርግጋጽን ዘይምርግጋጽን ናይቲ ንሱ ቀዳማይ ቦታ ዝህቦ መሰል እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ታሪኹ እንተድኣ መሰሉ ስለዝተሓድገ ወይ ዝተነፍገ ኣንጻር ጸላእቱ ይስዋእ ኔሩ፤ መሰሉ ኣብ ዝጋሃሰሉ እዋን ምእንቲ መሰሉ ክስዋእ ቅሩብ ክኸውን ከምዝኽእል ርዱእ ክኸውን ኣለዎ። እንታይ እዩ እቲ ክመጽእ ዝኽእል ተጻይ መልሲ ብዘየገድስ፡ መሰል ኵሉ ወዲ ሃገር ክሕሎ ኣለዎ። ነዚ ንምርግጋጽ ከኣ፡

1. *መሬት ናይ ህዝቢ ዋንነት ምዃኑ ብምእማን፡ ዋንነት መሬት ናይ መንግስቲ እዩ ብዝብል ሽፋን ብሓይሊ ዝተመንዝዐ መሬት ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ ናብ ዋናታቱ ይምለስ። ከምኡ'ውን፡ ብቕቡል ዝኾነ ምኽንያታት መሬቶም ክምለሰሎም ዘይተኻእለ ዜጋታት ኣምሳያኡ ፍትሓዊ ዝኾነ ካሕሳ ክውሃቦም ጕባኤ ወሲኑ።*

2. <u>*ኣብ ምክፍፋል ስልጣን እተመርኮሰ መንግስቲ ንምቛም ምቅላስ፡-*</u>

*5.1 ብነጻ ተሳትፎን ምርጫን ህዝቢ ኤርትራን ፖለቲካውያን ውድባቱን ሰልፍታቱን ዝጸድቕ ሕገ-መንግስቲ ክህሉ ምቅላስ፤*
*5.2 ስልጣን ማእከላይ መንግስቲ ኣብ መንጎ ሓጋጊ፡ ፈጻምን፡ ፈራድን ዝተኸፋፈለ ክኸውን ንኣምን፤*
*5.3 ማእከላይ መንግስቲ ንኹሉ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ዝውክል ክኸውን ምጽዓር፤*
*5.4 መንግስታዊ ስልጣን ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ በብደረጅኡ ተኸፊሉ፡ ህዝቢ ብቐጥታ ኣብ ምምሕዳር ነብሱ ተሳታፊ ክኸውን ዘኽእሎ ብሕገ-መንግስቲ እተረጋገጸ ዘይምእኩል ቅርጺ ምምሕዳር ክህሉ ምቅላስ። ምክፍፋል ምምሕዳራዊ ኣካላት ነቲ ታሪኻዊ ኣቃውማ ኣውራጃዊ ምምሕዳራት ሃገርና ዝሕሉን ዘኽብርን ቅርጺ ክሕዝ ምግባርን፤*
*5.5 ኣብ ስልጣን ንምምጻእ ይኹን ካብ ስልጣን ንምውራድ፡ ሕገ-መንግስቲ ብዘፍቅዶ መሰረት፡ ብዲሞክራሲያዊ ምርጫ ህዝብን ብሕጋዊ ቀጥዒ ምርጫን ክኸውን ምቅላስ፤*
*5.6 ዝቐውም መንግስቲ ዕልማናዊ መንግስቲ ክኸውን ምእማን፤*
*5.7 ትግርኛን ዓረብኛን ዕላውያን ቋንቋታት ሃገር ክኾና፡ ካልኦት ቋንቋታት ኤርትራ ውን፡ ክዓብያን ክምዕብላን ዘኽእለን መሰል ከምዝረኽባ ምግባር።*

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንመሰል ሃገራውያን ጉጅለታት እንዳመንጠለ ባዕሉ ብዝመረጾ መንገዲ ንምምሕዳር ኤርትራ ምስርዑን ኣብ ሃገርና ዘስዕቦ ዘሎ ጸገምን ኵላትና ክንከታተሎ ጸኒሕናን ኣሎናን። ካብዚ ሓሊፉ እውን ብዘይድሌትን ፍቓድን ስምምዕን ዋናታት መሬት ንኣባላት ናይ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ደቂ -ሃገር ክዕድሎም ይርከብ። እዚ ተግባራት ምስ ካልእ ባህላውን ሃይማኖታውን ግህሰታት ተደማሚሩ ንብዙሓት ኤርትራውያን ክሻቕል ኣብ ርእሲ ምጽንሑ፣ ክሳብ ገለ ካብ ሕብረተ-ሰብና ንመንነቶም ንምጥፋእ (ንምሕቃቕ) ዝዓለመ መደባት ጌሮም ብምርዳእ ኣብ ዝለዓለ ዘይምትእምማንን ፍርሕን ከምዝወደቑ ክንዕዘቦ ዝጸናሕና ክውንነት እዩ። እቲ ናይ መሬትን ናይ ኣመሓዳድራን ጉዳይ ብቕኑዕ መንገዲ ምስ ዘይእለ፣ እቶም መሰሎም ዝተነፍጎም ኤርትራውያን ኣብ ኤርትራውነት ረብሓ ከምዘይብሎም ጌሮም ክርድኡ ስለዝኽእሉ መንነቶም ንምርግጋጽን መሰሎም ንምዕቃብን ቅኑዕ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ፡ ከዋጽኣና ይኽእል እዩ ዝብልዎ ስጉምቲ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።

ምምንዛዕ መሬት ጥራሕ ከይኣክል፣ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ንገለገለ ዓድታት ናብ ካልእ ቦታትት ንክግዕዙ ይግድዶም ኣሎ ዚብል ጥሉል ሓበሬታ ኣሎ። እዚ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እንዳበኣሰ ዝኸይድ ዘሎ ናይ መሰል ምግፋፍ ኩነታት ንመጻኢ ጸገማት ሃገርና ናብ ዝኸፍኤ ደርጅኡ እንዳደፍኦ ይኸይድ ከምዘሎ ተረዲኦም ኵሎም ኤርትራውያን ኣንጻርዚ ኢ-ደ-ወነናዊ ተግባራት ደው ክብሉ ኣለዎም። ነዚ እንዳዓሞቐ ዝኸይድ ዘሎ ሽግር ኣዝዩ ንኽዓሙቕ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወቱ ዘለዉ ብዙሓት እዮም። ገለ ካብቶም ተርእዮታት እዞም ዝስዕቡ ክንጠቅስ ንኽእል፣

1. ብሸነኽ ስርዓት ህግደፍ - ናይ ስርዓት ህግደፍ ኣሉታዊ ኣስተዋጽኦ በዚ ኣብ ላዕሊ ገሊጽናዮ ዘሎና ተግባራትን ካልእን ክግለጽ ይክኣል።
2. ህግድፍ ንዝፈጥሮም ሽግራት ብኻልእ መልክዑ ዘሳውሩ ኣሉታዊ ተርእዮታት፣
2.1. ሓደ ሸነኽ፡ ተሓላቒ ናይ ህዝቢ እንዳመሰለ ንህዝብና ብኣተሓሳስብኡ ኣብዚ ኩነታት'ዚ ንመዋእሉ ከምዝነብር ክገብር ዝፍትን ኣካል እዩ። እዚ ኣካል'ዚ ነቲ ህግደፍ ዝፍጽሞ ጌጋታት ኣብ ምጕላሕ'ኳ ንጡፍ እጃም እንተተጻወተ፤ እንትርፊ ኣሉታዊ ነገራት

ምጽብጻብ ካልእ መዋጽኦ ዝኸውን ፍታሕ ዘይቅርብ እዩ። ህግደፍ ንዝገብሮም ጉድለታት ምቅላዕ ኣገዳሲ እዩ። ብዓንደ-ርእሱ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ እዚ እውን ንሱ እዩ። ይኹን እምበር እዞም ሽንኻት እዚኣቶም ብዘይካ ነቲ ጸገም ካብ ምጽብጻብን ምንህሃሩን ሓሊፎም፣ ህዝብና ካብ'ዚ ኣትዩዎ ዘሎ ሰልሚ ወይ ዓዘቅቲ ብኸመይ ክላቐቕ ይኽእል ዚብል ፍታሕ ኣየልዕሉን። ኣብ ክንዲ ነቲ ዘሎ ጸገም ምስ ናይ ሃገርና ክውንነት ኣተኣሳሲሮም ንኸሉ ህዝብና ዝጠቅም ፍታሕ ንኽምጽኡ ዝጽዕሩ፡ ነቲ ህግደፍ ዝፈጠሮ ጸገም እንዳልዓሉ ንህዝብና ነንሕድሕዱ ከናቐቑን፣ ኣብ መንጎ ህዝቢ ፍልልይን ጽልእን ፈጢሮም፣ ህዝቢ ነንሕድሕዱ ከም ጸላኢ ዘጠማምትን ዘተፋንን ዘይሓላፍነታዊ ርእይቶ ይነዝሑ። ኣብ ክንዲ ነቲ ዘሎ ሽግር ኣብ ምፍታሕ ተዋሳእቲ ዝኾኑ፣ ንባዕሎም ጠንቂ ሽግር ኮይኖም፣ ተግባራቶም ሰባብ ሳዕቤን ዘለዎ ኮይኑ ይርከብ።

2.2. እቲ ካልእ ጸገም ከኣ፣ እቲ ካብ ሃገራዊ ረብሓታት ኣጸቢቖ ርሒቖ ኣብ ጊዜያውን ውልቃውን ረብሓታት ተመርኵሱ ነቲ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጽሞ ዘሎ ከቢድ በደል (ከም ምምንዛዕ መሬት፣ በስገዳድ ኣብ መሬት እንዳማትካ ምጥያስ) ከም ቅኑዕ ጌሩ ዝወስድ እዩ። ገለ ካብዚ ኣካል'ዚ ኵሉ ኤርትራዊ ኣብ ዝመሰዮ ክሓድር ኣለዎ ዝብል ናይ ዓመጽን ስስዐን ጭርሖ ከስምዕ እንከሎ፤ ገለ ካብኦም ክኣ'ሞ ነቲ ተፈጺሙ ዘሎ ከም ቅቡል ወሲዶም፡ እቲ መደብ ከይዕንቀፍ ንባሉ ክንቃለስ ኣሎና እምበር እቶም ሰባት ድኣ ናበይ ከብሉ ብዚብል ኣጕል መርትዖ ይሕለቑ። ናይዚኣቶም ተግባራት ክኣ ነቲ ተወጺዐ እየ ዚብል ኣካል ነቲ ጸገም ምስ ህግድፍ ዝመጸን ምስ ህግደፍ ዝኸይድን ጌሩ ንኽርድኦ ኣይሕግዞን እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ እዚ ኩነታት ድሕሪ ስርዓት ህግድፍ እውን ክቕጽሎ ዝደሊ ኣካል ከምዘሎ ናብ ምእማን ገጹ እዩ ዝደፍኦ።

እዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና ጸገም ምስ ካልኦት ክልዓሉ ዝኽእሉ ጸገማትን ስክፍታታትን ብግቡእ ንኽፍትሑ ኣብዞም ዝስዕቡ መትከላት ኣሚንና ንምትግባሮም ክኣ ብዕቱብነት ክንሰርሓሎም ይግባኣና።

ኤርትራ ብዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባዊ ጕጅለታት ከምዝቖመት ምእማን።
ነፍሲ-ወከፍ ሕብረተ-ሰባዊ ጕጅለ ብታሪኽ ናቱ ዝኾነ ህዝብን መሬትን ከምዘለዎ ምእማን።
ዝኾነ ሕብረተ-ሰባዊ ጕጅለ ንህዝቡን መሬቱን ባዕሉ ከመሓድር ከምዘለዎ ምእማን።

ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰባዊ ዝምድናታት ወይ እውን ኤርትራዊ ሃገርነት ካብ ናይ ደቂ ሰባት ሕሳባት ነጻ ኮይኑ ብባህርያዊ ሕግታት እንዳተገዝኤ ዝምዕብል ተርእዮ እምበር፣ ብናይ ሰብ-ሰርሖ (ኣርቲፊሻላዊ) ሕሳባት ክስራሕ ከምዘይኽእል ምእማን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ምስ ዝፍተን እውን ኣብ ንምፍትሑ ከሸግር ዝኽእል ከቢድ ጸገም ምእታው ምዃኑ ኣቓዲሙ ምፍላጥ።

ናይ'ቲ ሕጂ ዝፍጠር ዘሎ ሽግር ፍታሕ ብቐዳምነት በቶም ብህዝቢ ዝተመርጹ ቦታውያን መራሕቲ ክመጽእ ምትብባዕ፣ እዚ ምስ ዝግበር ህዝብና ፍታሕ ከምጽእ ከምዝኽእል ዘጠራጥር ኣይኮነን። ተራ ማእከላይ መንግስቲ ምድልዳልን ምክትታልን ሕጋውነትን ፍትሓውነትን ናይቲ ዝቐርብ ፍታሕ ጥራሕ ክኸውን ይግባእ።

ነቲ ስርዓት ህግድፍ ዝገብሮ ዘሎ ናይ ህዝቢ ምግዓዝ መደባት ንኽይቕጽል ምቅላስ ካብ ሕጂ ግደኻ ምብርካት ኣብ ምቅላል ናይቲ ዝመጽእ ፍታሕ ከምዝኾነ ምርድኡ ኣገዳሲ እዩ።

# ዜናዊ ጸብጻብ

## ንጥፈታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

### 1_ 133 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሲቺልያ፡ ዓዲ ጣልያን ኣትዮም፤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ መንግስቲ ጣልያን ናብ ሊብያ ከይመልሶም ተማሕጺኑ

ኣብ'ዚ ሰሙን'ዚ፡ 133 ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቕባ ኣብ ደቡብ ዓዲ ጣልያን ከምዝኣተዉ፡ ዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ክዛረቡሎም ጸኒሖም። ሰበ-ስልጣን እታ ሃገር፡ ነቶም ስደተኛታት፡ ኣብ ደቡብ ዓዲ ጣልያን ኣብ እትርከብ ፖርትፖሎ እተባህለት ውድብ ምውሳዶም ኣሻቃሊ'ዩ ነይሩ።

ቅድሚ ገለ ሳምንታት ውን፡ ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ዝንቀሳቐሳ ዝነበራ ኣህጕራውያን መራኽብን ናይ ሓለዋ ጀላቡን ነታ ትጥሕል ዝነበረት ኤርትራውያን ዝጸዓነት ጃልባ ክረድእዋ ብዘይ ምድላዮም ልዕሊ 70 ዝኾኑ ኤርትራውያን ከምዝሞቱ ዝዝከር ኢዩ።

ብመሰረት'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት ኣብ መንጎ ዓዲ ጥልያንን ሊብያን ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ኣብ'ዚ ሓጋይ'ዚ ጥራሕ መንግስቲ ጣልያን በማእት ዝቖጸሩ ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቕባ ናብ ሊብያ መሊሳ ኢያ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዚ ካብ ዓዲ ጣልያን ናብ ሊብያ፣ ከምኡ ውን ከምቲ ቅድም ክብል ካብ ሊብያ ድማ ናብ ኤርትራ ዝግበር ዘሎን ዝግበር ዝነበረን ምብራር ናይ ኤርትራውያን ስደትኛታት ብትሪ ይኹንኖ።

ነዚ ናይ ኤርትራውያን ምምምላስ ካብ ዓዲ ጣልያን ናብ ሊብያ ኣመልኪቱ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ሰበ-ስልጣን ዓዲ ጣልያን ዘመሓላለፎ መልእኽቲ እንሆ።

*********



ዕለት፡ 12 መስከረም 2009
ኣርእስቲ፡ ኣውያት ብጕዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት

ክቡር ኣቶ ሲልቭዮ በርሉስኮኒ
ቀዳማይ ሚኒስተር ዓዲ ጣልያን

ቅዳሕ፡ ንላዕለዎት ሰበ-ስልጣንን ትካላት መንግስትን ዓዲ ጣልያን
ክቡር ቀዳማይ ሚኒስትር ሲልቭዮ በርሉስኮኒ፣

ኣነ፡ ስመይ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ሰብ፡ ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ኣብ ስደት ዝርከብ ንመንግስቲ ኤርትራ ዝቃወም፡ ኣብ ዓዲ ጣልያንን ካልኦት ሃገራትን ብዙሓት ኣባላት ዘለውዎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኰይነ፣ ንኣባላት ሰልፊይን ካልኦት ኤርትራውያንን ወኪለ፡ መንግስቲ ጣልያን፡ ኣንጻር'ቶም ሓደጋታት ምድረ-በዳታትን ውቅያኖሳትን ተሳጊሮም ኣብ ክሊ ማያት ዓዲ ጣልያን ዝበጽሑ ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቕባ ክትክተሎ ዝጸንሐት ፖሊሲ ዳግማይ ርእዩቶ ክትገብረሉ ናባኹምን ናብ ላዕለዋት ኣካላት መንግስትኹምን ምሕጽንታይ ኣቕርብ ኣለኹ። ካብ ሓደ ኣዝዩ ጨካን ዝኾነ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣምሊጦም ይመጹ ምህላዎም ከኣ ኣዐሪኹም ትፈልጡ ኢኹም።

ክቡር ቀዳማይ ሚኒስተር

እታ ካብ 1890 ኣትሒዛ ምሳና ምትእስሳር ዝጸናሕና ዘመናዊት ዓዲ ጣልያን፡ ኤርትራውያን ረዲኤት ኣብ ዝደልይሉ እዋን፡ ኢዳ ከተሕጽር'ያ ዝብል እምነት ይኹን ተረድኦ ኣይነበረናን። እዚ መንግስትኹም ምስ መንግስቲ ሊብያ ብምትሕብባር ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ሓተቲ

ዑቕባ ዝውሰድ ዘሎ ስጕምቲ፡ ሕድገት ዘይግበረሉ ታሪኻዊ ጌጋ ምዃኑ ፈሊጥኩም፡ ንምእራሙ ህጹጽ ስጕምቲ ክትወስዱ እምሕጸነኩም።

ሊብያ ዝፈረመትሉ ዝኾነ ይኹን ናይ ስደተኛታት ውዕል ስለዘይብላ፡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሊብያ ክባረሩ፣ ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ሊብያ ክሳቐዩን ካብኡ ድማ ናብ ኤርትራ ክስጐጉን ኣይግባእን። እዚ ከኣ፡ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ህዩማን ራይትስ ዎችን ካልኦት ኣህጕራውን ዞባውን ሰብኣውያን ማሕበራት ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ።

ኤርትራውያን፡ እንተውሓደ ኣብ ሰብኣዊ ርህራሄ እተመርኰሰ ህጹጽ ስጕምቲ ክትወስዱ ይጽበይኹም ኣለዉ።

ምስ ሰናይ ትምኒት



:
ወልደሱስ ዓማር
Mainzer Landstr. 302
60326 Frankfurt, Germany

woldeammar @aol.com
Tel: +49 69 2424 8583

wammar2003@yahoo.com
Tel: Geneva, +41227881386

### 2_ ጨናፍር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሽወደን፡ ናይ ዝምስርትዎ ሓድሽ ሰልፊ ንድፍን ፖሊቲካዊ መድብ ዕዮ ተማያይጦም ሙሉእ ደገፎም ኣመሓላሊፎም

ጨናፍር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሃገር ሽወደን ንዝምስረት ዘሎ ሓድሽ ሰልፊ ምስ ሰልፊ ዲሞክራሲ ዝተዳለወ ረቂቕ ንድፍን፡ ፖሊትካዊ መደብ ዕዮ ብደረጃ ጉጅለታት ዓሚቑን ብሰል ክትዕን ጌሮም ብዕግበትን ስጡም ራእን ኣስሚሮም ሙሉእ ደገፎም ሂቦም ኣኼባታቶም ኣሳላሲሎም። እቲ ኣኼባ ኣብ ክልተ ጊዜ ኮይኑ ማለት ጨንፈር ቁ.2 ብዕለት 28-08-2009፡ ጨንፈር ቁ.1 ከኣ ብዕለት 29-08-2009 ተኻይዱ። ኣብ ክልቲኡ መኸፈቲ ኣኼባታቶም ብመጀመርታ ንምጽንባር ውድብ ጋሽ ሰቲት መርሓባ ደቂ ሓርነት ኢሉ እንቋዕ ሞጎስና ብምባል ብደስታን ጣቒዕትን ጸንበሎ። ቀጺሉ ብጥንቁቅን ቅኑዕን ብሰል ኣራዳእን ዝመንፈሱ ክትዓት ኣካይዱ ኣገሰድቲ ተውሳኺ ርእይቶታት ሂቡ ብስጡም ዕግበት ደገፎም ሂቦም ኣኼባኦም ደምዲሞም።

ነቲ ኣብ ጥጡሕ ባይታ ዘሎ ልዝብ ምስ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ከኣ ኣካል ናይዚ መኣዲ ስኒት ተስፋ ህዝብን ሃገርን ክኸውን ስለ ዝተኣማመኑ ደጊሞም ብዕግበት ሞጎሶም ገሊጾም። ኣብ መደምደምታ ከኣ ኣብቲ ተዳልዩ ዘሎ ናይ ስምረት ኮንፈረንስ ንምስታፍ ብዲሞክራስያዊን ሓላፍነታዊ ተወፋይነት ዝዓሰሎ መንፈስ ወከልቶም መሪጾም።

ሓድነት ተቋወምቲ ሰልፍታትን ውድባትን ድሕነት ህዝብን ሃገር ኤርትራ እንኮ መገዲ ናይ ድሕነት ሃገር እዩ።

## ንጥፈታትሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ

### 3 ውድባት ኤርትራ ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 2009 ናይ ምጽንባር ጉባኤ ክካይዱ ተሰማሚዖም ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ

ካብ 22 ነሓሰ 2009 ኣትሒዙ፡ ኣብ መንጎ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን (ኤ.ህ.ም) ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ክካየድ ዝጸንሐ ኣኼባ፣ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2009፡ ሰለስቲኦም ውድባት ዝሳተፍሉ ናይ መጸናበሪ ጉባኤ ክካየድ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

ከምኡ ውን፡ እቲ ኣብ መስከረም 2009 ክግበር ተመዲቡ ዝነበረ ዞባዊ ኮንፈረንሳት ናይ ወከልቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፡ ወከልቲ ኤ.ህ.ም መታን ክሕወስዎ ክሳብ 31 ጥቅምቲ 2009 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ዞባዊ ሓለፍቲ ናይ ሰለስቲኡ ውድባት ኣብ ዝሳማምዕሉ ግዜን ቦታን ክካየድ ተወሲኑ ኣሎ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ፡ ኤ.ህ.ም ኣብ ኵሎም ቆይሞም ዘለው ናይ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ኣካላት ማዕረ ተሳትፎ ክህልዎም ምዃኑ ኣብ ሓባራዊ ምርድዳእ ተበጺሑ ኣሎ።

# ኤርትራ

## 1_ ካብ 21 ነሓሰ ክሳብ 17 መስከረም 2009 ዓ.ም 1264 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሱዳን ኣትዮም

ካብ 21 ነሓሰ ክሳብ 17 መስከረም 2009 ዓ.ም.ፈ 1264 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሱዳን ኣትዮም። ዝርዝር ናይ'ቶም ኣብ ሱዳን ዝኣተዉ 1264 ስደተኛታት ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ኢዩ።

| | ትሕቲ 5 ዓመት | ካብ 5-18 ዓመት | ልዕሊ 18 ዓመት | ድምር |
|---|---|---|---|---|
| ደቂ ኣንስትዮ | 20 | 50 | 177 | 247 |
| ደቂ ተባዕትዮ | 44 | 143 | 830 | 1017 |
| ጠቕላላ ድምር | 64 | 193 | 1007 | 1264 |

ድሕሪ ሓድሽ ዓመት 2009 ክሳብ 17.09.2009 ኣብ ሱዳን ዑቕባ ዝሓተቱ ብዝሒ ኤርትራውያን 15,037 በጺሑ ኣሎ።

## 2_ ካብ 25 ነሓሰ ክሳብ 26 መስከረም 525 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

ካብ 25 ነሓሰ ክሳብ 26 መስከረም 2009 ኣብ ዝነበረ ግዜ 525 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብዝተፈላለየ ወገናት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። እዞም ስደተኛታት እዚኣቶም ኣብ መንጎኦም ሓረስቶት፡ ተምሃሮ፡ ወተሃደራት፡ ሰራሕተኛታት፡ ህጻናት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝርከብዎም ም'ዃኖም ምንጪ ሰልፊ ህዝቢ ሓቢሩ።

## 3_ ኤርትራዊት ስደተኛታት ዝቐተለን ዘቍሰለን ወተሃደር ኣብ ከሰላ ይምርመር ኣሎ

ብ7 መስከረም 2009 ሓንቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ጽዒና ናብ ሱዳን ትኣቱ ዝነበረት መኪና፡ ኣብ ጥቃ ከሰላ፡ ብሓደ ናይ ዶብ ሓለዋ ወተሃደር፡ ጥይት ተተኲሱላ፡ ሀለን ክብርኣብ ገብረስላሰ፡ ተቐማጢት ኣብ ከባቢ ከረን እትርከብ ጀፉ እተባለት ዓዲ ክትመውት እንከላ፡ ሊያ እተባሀለት ድማ ቈሲላ።

እቲ ኣውቲስታ፡ ካብ'ቲ ደው ከብሎ ዝፈተነ ወተሃደር ከምልጥ ከሎ'ዩ ተኹሲ ተኸፊቱ። ኣውቲስታ፡ ካብ'ቲ ተኹሲ ኣምሊጡ፡ ኣብ ከሰላ ምስ በጽሐ፡ እቲ ሬሳን እታ ውግእትን ዝርከብዎም ተሳፈርቲ ብምሉኣቶም ኣብ ጽርግያ ደርብዮዎም ተጸርጊፉ።።

ንጽባሒቱ እታ ውግእትን እቲ ሬሳን ጒፍ ዝበልዋ ሓንቲ ሰበይቲ፡ ነቲ ጒዳይ ንዝምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ድሕሪ ምሕባሩ፡ እታ ውግእቲ ኣብ ሆስፒታል ኣትያ ሕክምና ይግበረላ ኣሎ። ጸጥታ ሱዳን፡ ነቲ ተኹሲ ዝኸፈተ ወተሃደር ኣሲሮም ምርመራ የካይድሉ ኣለዉ። ከምኡ ውን፡ ነታ መኪናን ኣውቲስትኣን ምስኣ ዝነበሩ ተሳፈርቲ ምርካብ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ።

## 4_ ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም ናይ ዝሞቱ ኤርትራውያን ናይ ቡራኼ ስነ-ስርዓት ኣብ ቫቲካን ተፈጺሙ

ምእንቲ ናይ'ቶም ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ሂወቶም ዝሰኣኑ ኤርትራውያን ኣብ መንበር ካቶሊካዊት ጵጵስና ናይ ቡራኬን ጸሎትን ስነ ስርዓት ተኻይዱ። ብተወሳኺ M&C ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ኣብ ጽሑፋቱ ከም ዘስፈሮ፡ ቫቲካብን ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ነቲ ኣብ መንጎ ጣልያንን ሊብያን ዝተገብረ ውዕል ምክልኻል ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ከም ዝነቐፉ ተፈሊጡ። ካቢኔ ሚኒስተራት መንግስቲ ጣልያን'ውን ብግዲኡ ምስ ጸጥታ ገማግም ባሕሪ ሓይልታት ማልታ ብዛዕባ እቲ ኩነታት ብዝምልከት፡ ንድሕነት ስደተኛታት ዝተገብረ ጻዕሪ እኹል ብዘይምንባሩ ዝሕብር ዝርርብ ከም ዝገበረ ተፈሊጡ ኣሎ።

## 5_ ብሪጋዴር ጀነራል ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ ሽወደን ዑቕባ ሓቲቱ

ናይ ብሪገዴር ጀንራል መዓርግ ዘለዎ ተኸስተ ሃይለ ተስፋሚካኤል (ብወዲ ሃይለ ዝጽዋዕ)፡ ካብ'ቶም ብ1973 ኣቢሎም እተሰለፉ ቀዳሞት ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ኢዩ። ብሪጋደር ጀነራል ተኸስተ፡ ሸሞንተ ግዜ ከም እተወግእን፡ ናይ መወዳእታ መውጋእቱ ድማ ብርቱዕ ስለዝነበረ፡ ንሕክምና ንዓዲ ጣልያን ከምእተላእከን ይፍለጥ።

ሕጂ ድማ፡ እቲ ኣካይዳ ናይ ስርዓት ኢሳያስ መንግስቲ ባህ ስለዘየበሎ፡ ኣብ ሃገር ሽወደን ዑቕባ ሓቲቱ፡ ናይ ስደት መነባብሮ ከሐልፍ

ተገዲዱ ኣሎ።

## 6_ ካናዳ 80 ኤርትራውያን ስደተኛታት ተቐቢላ

ካናዳ፡ ካብ'ቶም ኣብ ግብጺ ንሓደ ዓመትን መንፈቕን ዝተኣስሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ን380 ናይ ዑቑባ ተቐባልነት ሂባ። ካብ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚሮም ድማ፡ ኣብ ካናዳ ሰላማዊ መነባብሮኦም ከካይዱ ጀሚሮም ከምዘለዉ፡ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢሮም። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብዛዕባ'ዞም እሱራት ስደተኛታት ደጋጊሙ ኣውያቶም ከቃልሕ ከምዝጸንሐ ውን ዝዝከር ኢዩ።

ሕጂ ውን፡ ከም'ዚ ናይ ብጾቶም ዕድል ዘይረኸቡ 2ና ኣብ ክልተ ኣብያተ-ማእሰርቲ ግብጺ ዝሳቐዩ ኤርትራውያን ኣለዉ።

## 7_ ክወታዊት ናጻ ናይ ነዳዲ ትካል ምስ ኤርትራ ዘለዎ ሽግራት ብፍርዲ ክውዳእ ወሲና

ናይ ክወይት ናጻ ናይ ነዳዲ ትካል፡ በቲ ኣብ ለንደን ዝመደበሩ፡ ብኣህጉራዊ ናይ ንግድ ሕጊ ዝሰርሕ ቤት ፍርዲ ኣቢላ፡ ንትካል ነዳዲ ኤርትራ ናይ 19 ሚልዮን ናይ ክወይት ዲናር ዕዳ ከተኽፍላ ምኻና፡ ኩና (KUNA) እተባህለት ናይ ክወይት ማዕከን ዜና ሓቢራ።

ናይ ኤርትራ ናይ ነዳዲ ትካል ትካልን (PCE) መንግስቲ ኤርትራን ዕዳ ከምዘለዎም ምእማኖምን፣ ብሰንኪ'ቲ ኣብ መላእ ዓለም ሰፊኑ ዘሎ ቍጠባዊ ቅልውላው፡ ዕዳኦም ኣብ ምኽፋል ብምድንጓዮም ይቕሬታ ከምዝሓተቱን፣ እቲ ክወታዊት ትካል ነዳዲ ገሊጻ። እቲ መግለጺ ኣስዒቡ፡ ክወይት ን11 ዓመታት ዝኣክል ግዜ ንኤርትራ ነዳዲ ክትሸጠላ ከምዝጸንሐት ኣጋሊጹ።

ሰበ-ስልጣን ኤርትራ፡ ነታ ክወታዊት ትካል ነዳዲ፡ ዕዳኦም ክኸፍሉ ምዃኖም'ኳ እንተገለጹላ፣ እታ ትካል ግን፡ እቲ ጒዳይ ብፍርዲ መዕለቢ ክግበረሉ'ያ ወሲና ዘላ። ጠበቓታት ናይ'ታ ክውታዊት ትካል፡ መንግስትን ትካል ነዳድን ኤርትራ ብዕድኦም ስለእተኣመኑ፡ እቲ ኣብ ለንደን ዝርከብ ቤት ፍርዲ፡ ንኤርትራ ኣገዲዱ 19 ሚልዮን ዲናር ከኽፍላ ምኻኑ ብነፍሰ-ምትእምማን ክግለጹ ይስምዑ ኣለዉ። ቀጺሎም፡ እቲ ብይን፡ ነታ ክወታዊት ናይ ንግዲ ትካል፡ ካብ'ቲ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ንብረት ዕድኣ ክትክፈል ከኽእላ ምኻኑ ውን ገሊጾም።

## 8_ 85 ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

ካብ 6 ክሳብ 11 መስከረም 2009 ኣብ ዝነበረ ግዜ ጥራይ 85 ኤርትራውያን ስደተኛታት ብወገን ራማን ገርሁ ስርናይን ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ካብዞም ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኢርትራውያን 28 ኣባላት ክፍለ ሰራዊታት 16፡ 52፡ 11፡ 25ን 22ን ዝነበሩ ወተሃደራት እዮም። ብዘይካዚ፡ ኣብ መንጎኦም፡ 15 ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሜን ደቂ ኣንስትዮን 2 ትሕቲ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናትን ይርከብዎም።

## 9_ ኮስታ ሪካ 7 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 54 ኤርትራውያን ስደተኛታት ጽዒና ዝነበረት ጃልባ ሒዛ

ጸጥታ ኮስታ ሪካ ብዘይ ሕጋዊ ምስግጋር ናይ ስደተኛታት ዝተጠርጠሩ 3 ኣብ'ታ መርከብ ዝነበሩ ሰባት ኣሲሩ ኣሎ። እቶም ሰበ-ስልጣን ኣስዒቦም፡ እታ መርከብ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከምዝነበረትን ተሳፈርታ ድማ ንብዙሕ መዓልታት መግቢ ከምዘይበልዑን ኣረዲኦም።

እቶም 54 ኣብ'ታ መርከብ ዝነበሩ፡ ኤርትራውያን ምኻኖምን፣ ነቶም ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብ ኣመሪካ ዘሰጋግርዎም ዝነበሩ ሰባት ገንዘብ ምኽፋሎምን ሰበ-ስልጣን እታ ሃገር ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፉ ቀረባ ኣዋርሕ፡ ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ካብ ጊኒን ዝመጻ ስደተኛታት ዝጸዓና መራኽብ፡ ኣብ ዝሓልፉ ቀረባ ኣዋርሕ ከም እተታሕዛ ሰበ -ስልጣን ኮስታ ሪካ ሓቢሮም።

እቶም በሽሓት ዝቝጸሩ ዶላራት ዝወስዱ መሰጋገርቲ፡ ንድሕነቶም ክብሉ፡ ነቶም ስደተኛታት ኣብ ክንዲ ኣብ ገማግም ኣመሪካ ኣብ ካሪብያን ኢዮም ዘውርድዎም ኢሎም ክብል ቢቢሲ እተባህለ ኣህጉራዊ ናይ ዜና ማዕከን ኣቃሊሑ።

## 10_ 107 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

ካብ 14 ክሳብ 20 መስከረም 2009, 107 ኤርትራውያን ብዝተፈላለየ ኩርንዓት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ካብዚኣቶም 13 ካብ 5 ክሳብ 14 ዓመት ዝዕድሚኦም ዕሽላት፤ 38 ልዕሊ 18 ዓመታት ዝዕድሚኦም ኣባጽሕ፤ 13 ድማ፡ ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኣን ደቂ ኣንስትዮን 43 ወተሃደራትን

ይርከብዎም። እቶም ወተሃደራት ኣባላት ክፍለ ሰራዊታት 19፡ 42፡ 11፡ 16ን 32ን ዝነብሩ እዮም።

## 11_ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ናይ ጥሜት ሓደጋ ክህሉ'ዩ ክብል ሕቡራት ሃገራት ኣጠንቂቑ

ብሰንክ'ቲ ንኽልተ ተኸታተልቲ ዓመታት ዘጋጠመ ናይ ዝናም ሕጽረት፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንዝርከብ 20 ሚልዮን ዝኸውን ኣህዛብ ናይ መግቢ ረዲኤት ከድሊ'ዩ ክብል፡ ፕሮጋም መግቢ ዓለም (WFP) ዝተባህለ ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካል ገሊጹ።




ቀጺሉ፡ እቲ ኣብ ምወላ ናይ'ቲ ትካል ዝተገብረ ምንካይ፣ ኣብ ከንያ፡ ሶማልያ፡ ሶማሊላንድ፡ ኤርትራ፡ ጅቡትን ኢትዮጵያን ንዝነብሩ ኣህዛብ ንምምጋብ ኣጸጋሚ ገይርዎ ኣሎ ኢሉ። ኣብ ወደብ ጅቡቲ ዘጋጥም ዘሎ ዕልቕልቕ ከኣ፡ ንምንቅስቓስ ናይ ረዲኤት መግቢ ተወሳኺ ጸገም ኰይኑ ምህላዉ ውን ሓቢሩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ልዕሊ 14 ሚልዮን ዝኾኑ ኣህዛብ ናይ'ቲ ዞና ረዲኤት የድልዮም'ዩ ተባሂሉ ነይሩ። ኡዳክ ኣሚሞ፡ ዝተባህለ ወኪል ቢቢሲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፣ ፕሮግራም መግቢ ዓለም (WFP) ብዛዕባ ኤርትራ ርግጽ ዝኾነ ሓበሬታ ክረክብ ዘይምኽኣሉ፡ ነቲ ትካል ብዝያዳ ኣሻቒልዎ ከምዘሎ ኣመልኪቱ። ብሰንኪ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ናይ ምንቅስቓስ እገዳታትን ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘይምርካብን ሓበሬታ ንምርካብ ኣጸጋሚ ኰይኑ ምህላዉ ውን እቲ ትካል ጠቒሱ። ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ብሕጽረት መግቢ ዝሳቐዩ ሕጻናትን ጥኑሳትን፡ እቶም ኣብ'ቲ ዞና ዝርከቡ ኣህዛብ ዝረኽብዎ ዘለዉ ደገፍ ክረኽቡ ይኽእሉ ከምዘየለዉ ውን እቲ ትካል ኣቃሊዑ። ኣብ ርእሰ'ዚ ከኣ፡ ኣብ ወደብ ጅቡቲ ዘሎ ዕልቕልቕ፡ ረዲኤት ብግቡእ ኣብ ዝድለየሉ ቦታታት ከይበጽሕ ዕንቅፋት ይኸውን ኣሎ ኢሉ። መንግስቲ ኢትዮጵያን ፕሮግራም መግቢ ዓለምን፡ ንወደባት ሱዳንን ሶማሊላንድን ንኽጥቀሙ፡ ንመንግስታት ናይ ክልቲኦን ሃገራት ከዕግቡ ይጽዕሩ ከምዘለዉ ውን ኣሚቱ።


ርሑስ በዓል
መበል
48
ዓመት
FREEDOM
መስከረም
2009